# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.154 | ሓሙስ 27 ለካቲት 2025 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 — ዜና

ገጽ 3 — ሱዳን - 80 ሚእታዊት ካብ ህጹጽ መመገቢ ማእከላት ተዓጽየን



ገጽ 4 — ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?

ገጽ 5 — ገንዘብ ምውህላል ዕድመ የድልዮ ዶዩ?



ገጽ 7 — ዙር ርዋንዳ - ዩኤል፡ ካልኣይ ኣትዩ


## ጎልጅ - ኣብ ምክልኻል ሓደጋታት ትራፊክ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ





ፖሊስ ትራፊክ ዞባ ጋሽ-ባርካ ዝወደቦ፡ ኣብ ምክልኻል ሓደጋታት ትራፊክ ዘተኮረ ኣስተምህሮ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ጎልጅ ንመራሕቲ ከም ኡ'ውን ንወነንቲ ተሽከርከርትን ጋራጃትን ተዋሂቡ።

ኣዛዚ ፖሊስ ትራፊክ ሚጀር ንርኣዮ ጺጋይ ኣብ ዘመሓላለፎ መልእኽቲ፡ ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ ብሓፈሻ ኣብ ከባቢ ጎልጅ ድማ ብፍላይ ዝዀነ ጽዑቕ ምንቅስቓስ ተሽከርከርቲ ብምጥቃሱ፡ ኣፍልጦ ኣሽከርከርቲ፡ ወነንቲ ጋራጃትን ካሮታትን ዘበራኽ ኣስተምህሮ ምኽያድ፡ ኣብ ምንካይ ሓደጋታትን ሳዕቤናቱን ልዑል ኣስተዋጽኦ ከምዘለዎ ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ከባቢ፡ ብትሕቲ ዕድመን ኣካላዊ ብቕዓት ዘይብሎምን ቈልዑ ዝምራሓ መካይንን ካሮታትን ምርኣይ ግሁን ኩይኑ ከምዝዀነ ጠቒሱ ድማ፡ መምርሒ ኣተሓሳሰበ።

ሓላፊ መርመራ ገበን ኣቶ ኢሳይያስ ብርሃ ብወገኑ፡ ቀንዲ ጠንቂ ናይ ዝበዝሑ ኣብ'ቲ ዞባ ዘጋጥሙ ሓደጋታት ትራፊክ፡ ዘይምህላው ብቑዕ መምርሒ ፍቓድ፡ ጉድለት ኣካላዊ ብቕዓትን ኣመራርሓን ዘይሓላፍነታዊ ኣመራርሓ፡ ከም ኡ'ውን ልዑል ፍጥነትን ሸለልትነትን ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ኣሽከርከርቲ ሕጋዊ መምርሒ ፍቓድ ዝሓዙን ብዛዕባ ዘሽከርክርዋ መኪና እኹል ኣፍልጦ ዘለዎምን ክኾኑ ተማሕጺኑ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ጎልጅ ኣቶ ደሴ ዘርኣሚካኤል ብወገኑ፡ እቲ ኣስተምህሮ፡ ኣብ ምምራሕ ተሽከርከርቲ ክግለኡ ዝጓንፍዎም ረጃሒታት ብምስራጽ፡ ኑቶም ብፍላጥ ኩነ ብዘይፍላጥ ክፍጽሙ ዝጸንሑ ጥሕሰታት ሕጊ ትራፊክን ዘውርዶ ክሳራታትን ዘቃልል ብምዃኑ፡ ብዝሰፍሐን ዝተወደበን ኣገባብ ክድፋኣሉ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ መወዳእታ ተሳተፍቲ፡ እቲ ኣስተምህሮ ንዝጸንሖም መረዳእታ ዘበርኽ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ኈራኈ ዝወሃብ ኣስተምህሮታት፡ ጠንቂ ሓደጋታት ዝኾኑ ዘለዉ ጸርግያታት ክጽገኑ፡ ምልክታት ትራፊክ ብግቡእን ብስፋሓትን ክትከል፡ ተቘጻጸርቲ ዕቱባት ክኾኑ፡ ከም ኡ'ውን ሕጊ ንዝጥሕሱ ኣራሚ ስጉምቲ ክውሰደሎም ተላቢዮም።

## ሓመልማሎ - ብቕዓት ትምህርቲ ንምድንፋዕ ዋዕላ ተቓኒዑ





ኣብ ንኡስ ዞባ ሓመልማሎ፡ "ብቕዓት ትምህርቲ ንምብራኽ ንጽዓር" ብዝብል ቴማ፡ ብ24 ለካቲት ዋዕላ ተቓኒዑ።

ኣመሓዳሪት ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ወ/ሮ ኣምና ሓጂ፡ ክሳብ ዓድታት ብምውራድ ብዝተኻየደ ዘተ፡ ንብቕዓት ትምህርቲ ብኣሉታ ዝጸልዉ ዘለዉ መዳያት ስለዝተለለዩ፡ ግብራዊ ስጉምቲ ንምውሳድ ዋዕላ ምኽያድ ኣገዳሲ ኩይኑ ከምእተረኽበ ገሊጻ።

ሓላፊ ኣገልግሎት ትምህርቲ መምህር ጃብር ኢብራሂም ብወገኑ፡ ብዘሎ ተመሃሮ እናወሰኸ ከምዝመጽእ፡ ደቂኣንስትዮ'ውን ጸቡቕ ተሳታፍነት ከምዘለወን ብምሕባር፡ እዚ ንበይኑ እኹል ስለዘይኮነ፡ ብቕዓት ብሓፈሻ ትሑት ውጽኢት ኣብ ሃገራዊ መርመራታት 8ይን 12ን ክፍሊ ድማ ብፍላይ ንምምሕያሹ እቲ ዋዕላ ከምእተወደበ ሓቢሩ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ብደረጃ ንኡስ ዞባ ናይ ዝሓለፈ ሓሙሽተ ዓመት ውጽኢት ክቐርብ ከሎ፡ እቶም ጸገማት ብቕልጡፍ ተለልዮም ፍታሕ ክናደየሎም እዋኑ ምዃኑ ተገሊጹ።

ኣብ ብቕዓት መምህራን፡ ድልውነት ተመሃራይ፡ መሳለጥያ ትምህርቲ፡ ኣገባብ ኣመሃህራ፡ ከም ኡ'ውን ብቑዕ ምክትታል ወለድን ማሕበረሰብ ትምህርትን ድሕሪ ዝተገብረ ክትዕ፡ ምጥርናፍ ዓድታት ክድፋኣሉ፣ ቈልዑ ኣብ ግቡእ ዕድመኦም ትምህርቲ ክጅምሩ፣ ምድንጓይን ምቁራጽን መምህራን ከምሓ ኣኽዕበረሉ፣ ከም ኡ'ውን ምሕያል ኮሚተ ወለዲ ብዕቱብ ክሰርሓሉ ዝብል መምርሒታት ወጺኡ።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ዓንሰባ መምህር ክፍላይ ዓንደሚካኤል፡ ብሓባር ዝግበር ዘተ ኣብ ምንዳይ ፍታሕ ቀሊል ከምዝይኮነ ብምጥቃሱ፡ ውጽኢት ናይ'ቲ ዋዕላ ንመጻኢ ኣማእዚዚ ተራ ከምዝህልዎ ኣሚቱ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኮሎኔል ተስፋጼን ግርማይ ኣብ ዝሃቦ መዘዘሚ ቃል፡ ኣብ ምሕያል ብቕዓት ትምህርቲ ብወህደት ክስራሕ፣ ብፍላይ ድማ መምህራን ዝለዓለ እጃም ከልዕሉ ተላቢዩ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ሓመልማሎ፡ ካብ ቅድመ-ትምህርቲ ክሳብ 2ይ ደረጃ ስሩዕ ኣገልግሎት ዝህባ 42 ትካላት-ትምህርቲ ኣለዋ።

# ሰ/ቀ/ባሕሪ - ጨንፈር ማሕበር መምህራን 8ይ ጉባኤ ኣቃኒዑ





ጨንፈር ማሕበር መምህራን ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ብ23 ለካቲት 8ይ ጉባኤኡ ኣብ ባጽዕ ኣቃኒዑ።

ኣቦመንበር ጨንፈር መምህር ዑስማን ሳልሕ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ጉባኤ ብዘተፈላለየ ምኽንያት ከምዘይተደናገየ ብምጥቃስ፡ ንዝተዓመ ስራሓት ብመንጽር ዝሰበረ ሕጽረታትን ብድሆታትን ገሊጹ።

ማሕበር ንደበሱ፡ ሕክምናን ካልእን ልዕሊ 1.5 ሚልዮን ናቕፋ ደገፍ ንኣባላት ከምዝበበረ፣ ሞያዊ ዓቕሚ መምህራን ንምዕባይ'ውን ምስ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ብምትሕብባር ስልጠናታት ከምዘወደበ ኣረዲኡ።

ኩሉመዳያዊ ንጥፈታት መምህራን ንምምሕያሽ፡ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ምስ ማሕበር ብወህደት ከምዝሰርሕ ዝገለጸት ሓላፊት ምምሕዳርን ፋይናንስን መምህር ኣምና ሳልሕ ብወገና፡ ምሕያል ብቕዓት ትምህርቲ ኣብ መምህራን ስለዝምርኮሱ፡ ወህደት ናይ ኩሎም ኣካላት ኣገዳሲ ከምዝኾነ ኣስሚሪትሉ።

ኣቦመንበር ማሕበር መምህራን ኤርትራ መምህር ስምኦን መሓሪ ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ ኣገዳስነት ምብራኽ ንቕሓትን ርድኢትን መምህራን ብዛዕባ ማሕበር ብምጥቃስ፡ ተመሪጽ ዘላ ኣካያዲት ኣካል፡ ተሰኪሞቶ ዝዘላ ረዚን ሓላፍነት ዝዓርግ ዕዮ ከምዘተዓማም ጸኒዑ እምነቱ ገሊጹ።

ተሳተፍቲ ኣብ መወዳእታ፡ ማሕበር ዝርግሐኡ ክሰብ ርሑቕ ከባቢታት ብምስፋሕ ንጥፈታቱ ክሰላሰል፣ ዝወሃብ ስልጠናታት ሰፊሓትን ቀጻልነትን ክህልዎ፣ ንልቓሕን ደበሰን ዝወሃብ መጠን ገንዘብ ክዛይድ፣ ከምኡ'ውን ንቕሓት መምህራን ብዛዕባ ማሕበር ዝበርኽሉ ባይታ ክፍጠር ዝበልን ካልእን ርኢቶታትን ለበዋታትን ኣቕሪቦም።

ማሕበር መምህራን ጨንፈር ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ልዕሊ 3 ሽሕ ኣባላት ኣለውዎ።

# ደ/ቀ/ባሕሪ - ንጥፈታት ምግፋፍ ንቑጽ ዓሳታት ዕብየት ኣመዝጊቡ

ኣብ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ዝካየድ ምግፋፍ ንቑጽ ዓሳታት (ወዚፍ)፡ እናሰፍሐን ዕብየት እናኣመዝገበን ይመጽእ ከምዘሎ፡ ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ኣቶ ሕሴን መዓዊያ ሓቢሩ።

ምህርቲ ብምጠንን ዓይነትን ንምዕባይ - ስልጠናታት፡ ኣስተምህሮታትን ደገፍን ከምዝዋበር ብምጥቃስ፡ ኣብ ብቕዓት ዝግፈፍ ዓሳታት ዝመጸ ምምሕያሽ ወጽኢት ናቱ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ዛጊት ንጥፈታት ምግፋፍ ንቑጽ ዓሳታት ዝካየደሉ ዘሎ ከባቢታት ራስ ታርማ፡ ገምገም በይሉል፡ ቢሕታ፡ በራሶሊ፡ ዕዲ፡ ካፊምን ሳሮይታን ከምዝኾኑ ዝሓበረ ኣቶ ሕሴን፡ ኣብ'ዚ ስራሕ ንዝዋጥፉ ዝሓቑፉ 49 ማሕበራት ከምዘለዋ ኣብሪሁ።

ንጥፈታት ምግፋፍ ንቑጽ ዓሳታት ወቕታዊ ኩይኑ፡ ካብ ምግፋፍ ክሳብ ምንቃጽን ምዕቃብን ዘሎ መስርሕ ብዙሕ ሰብ ዝሳተፍን ናይ ስራሕ ዕድል ዝፈጥርን ከምዝኾኑ ብምንጻር፡ ደቂኣንስትዮ ኣብ መስርሕ ምንቃጽ ንዝጻወትዎ ተራ መጕሲ።

ኣቶ ሕሴን ወሲኹ፡ ንቑጽ ዓሳታት መግቢ ሰብን እንስሳን ኩይኑ ስለዘገልግል፡ መስርሕ ምንቃጽን ምዕቃብን ብቕዓቱ ዝሓለወ ክኸውን ብዕቱብ ከምዝሰርሕ ኣረዲኡ።

ኣቶ ሕሴን መዓዊያ ኣብ መወዳእታ፡ ምህርቲ ናይ'ቲ ካብ ታሕሳስ ክሳብ ሰነ ኣብ ዘሎ ግዜ ብብዝሒ ዝርከብ ንቑጽ ዓሳታት ክፃቢ ምስራሑ፡ ካብ ዓበይቲ መደባት ስለዝኾነ፡ ገፊፍቲ ዓሳ ተሳትፎኦም ክዕዝዙ ተላበዩ።

ኣቦ'ቲ ስራሕ ዝዋጥፉ ብወገኖም፡ እቲ ብልምዳዊ ኣገባብ ክካየድዎ ዝጸንሑ ምግፋፍ ንቑጽ ዓሳታት፡ ሳላ ዝወሃብ ኣስተምህሮን ዝዋበረሎም ደገፍን ብቕዓቱ ዝሓለወ ክኸውንን ዕዳጋ ክረክብን ክኢሉ ከምዘሎ ብምግላጽ፡ ኣቦ'ቲ ናይ ምግፋፍ ወቕቲ ዝኸሰት ሕጽረት ቀረብ ዝስተ ማይ ፍታሕ ክረክብ ኣዘኻኺሮም።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ጋላፍሒ ኣቶ መሓሪ የውሃንስ ድማ፡ ኣበርክቶ ሕብረተ-ሰብ ክብ ብምባል ሕጽረታት ትምህርቲ ምውጋድ፡ ምስ ቀዳምነታት ተሰሪዑ ይስራሓሉ ከምዘሎ ሓቢሩ።

ተሳተፍቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ብልጫታትን ድኻምትን ተመሃሮ ብምንጽእ ክልሰ፣ ክሊ. ቀጸሪ ኣብያተ-ትምህርቲ ኪንጸር፣ ሰደቓታት ክጽገን፣ ከምኡ'ውን ናይ ህንጻ ጸገም ዘለወን ኣብያተ-ትምህርቲ ፍታሕ ክረከባሉ ተላበዩም።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሓበን ገብረኣምላኽ
ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ደቡብ - ልዕሊ 164 ሚልዮን ናቕፋ ዝወድአ መደባት ጥዕና ተተግቢሩ

ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ዞባ ደቡብ ብ20'ን 21'ን ለካቲት ኣብ መንደፈራ ኣብ ዝገበሮ ገምጋም፡ ኣብ 2024 ብቕዓት ኣገልግሎት ጥዕና ንምዕባይ ልዕሊ 164 ሚልዮን ናቕፋ ዝወድአ መደባት ከምዝተተግበረ ገሊጹ።

ሓላፊ ናይ'ቲ ጨንፈር ዶ/ር ኣማኒኤል ምሕረትኣብ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ኣብ 12 ንኡሳን ዞባታት ሓደስቲ ዘመናውያን መሰርሒታት ጸሪታ ሕማማት ከምዝተኣታተወ፣ ከም ወጽኢቱ ሕማማት ብቐሊሉ ክፍወሱ ከምዝተኻእለ፣ ተርእዮ ተመሓላለፍቲ ሕማማት ብሓፈሻ ሕማም ዓሶ ከኣ ብፍላይ ካብ ቅድሚኡ ዝነበረ ዓመት ብ12 ሚእታዊት ከምዝነከየ ኣብሪሁ።

ብኣበርክቶ ህዝብን ምምሕዳራትን 32 መጸቢ ካፍሱጾራት ስለዝተሰርሐ፡ ቁጽሪ ናይተን ኣብ ትካላት ጥዕና ዝሓርሳ ኣዴታት ብልዕሊ 300 ሚእታዊት ከምዝወሰኸ፣ ኣብ እዋን ሕርሲ ዘጋጥም ሞት ኣደን ዕሸልን ድማ ናብ ዝተሓተ ደረጃኡ ከምዝወረደ ኣፍሊጡ።

ዶ/ር ኣማኒኤል ብተወሳኺ፡ ሽፈነ ክታበት ብ88 ሚእታዊት፣ መጠን ሕወየት ሕሙማት 'ቲቢ' ከኣ ብ95 ሚእታዊት ከምዝወሰኸ ጠቒሱ፡ ኣብ ምክልኻልን ፍወሳን ሕማማት፡ ተራ ኣጋር ሓካይም ልዑል ምንባሩ ኣብሪሁ።

ብደረጃ ንኡሳን ዞባታት ኣብ ዝቐረበ ጸብጻብ፡ ዑረት ንምክልኻል ንልዕሊ 1,328 ናይ ምርኣይ ጸገም ዝነበሮም ዜጋታት መጥባሕቲ ሓበላ ከምዝተገብረ፣ ሕጽረታት ትካላት ጥዕና ንምምላእ ድማ 2.8 ሚልዮን ናቕፋ ብህዝቢ ከምዝተበርከተ ተሓቢሩ።

ተሳተፍቲ ኣብ ዝገበርዎ ዘተ፡ ጠንቅታት ካብ እንስሳ ናብ ሰብ ዝመሓላለፍ ሕማማት ንምግታእ ብወህደት ክስራሕ፣ ከምኡ'ውን ንቕሓት ህዝቢ ዘበርኽ ኣስተምህሮታት እወታዊ ወጽኢት ደርኪቡ ስለዘሎ ክድፋኣሉ ጸዊዖም።

ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጽዮን ድማ፡ ሕማማት ብኣግኡ ንምግታእ ብመጽናዕቲ ዝተደገፈ መደባት ክትግበር ድሕሪ ምልባው፡ ትሕተ-ቅርጺ ትካላት ጥዕና ንምምሕያሽ፡ ምምሕዳር ዞባ ኣድላዪ ደገፍ ከምዝገብር ኣረጋጊጹ።

ኣብ መወዳእታ፡ ሚኒስተር ጥዕና ኣሚና ኑርሑሴን፡ ኣገልግሎት ጥዕና ብዝበለጸ ንምምዕባል፣ ከምኡ'ውን ሞት ኣደን ዕሸልን ኣብ እዋን ጥንሰን ሕርስን ናብ ዜሮ ንምውራድ ብዝለዓለ ከምዝስራሕ ብምግላጽ፡ ወህደት ኣካላት መንግስቲ ኣብ ምዕዋት ሸቶታት ጥዕና መሰረታዊ ስለዝኾነ ብዕቱብ ክስራሓሉ ኣዘኻኺሩ።

# ዲላበርዕድ - ኣብ ኣገዳስነት ንባብ ዘተኩረ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ገሒ-ገሒ'ቲ "ክእለት ንባብን መሃዝነትን ነሰሰን" ብዝብል ቴማ ካብ 21 ለካቲት ክሳብ 2 መጋቢት ዝቕጽል ዘሎ ቅነ ምርኢት መጽሓፍቲ፡ ኣብ ኣገዳስነት ንባብ ዘተኩረ ኣስተምህሮ ብ23 ለካቲት ኣብ ዲላበርዕድ ተዋሂቡ።

ኣብ'ቲ "ምብራኽ ባህሊ ንባብ ኣብ ተመሃሮን ኣገዳስነቱን" ብዝብል ኣርእስቲ ንተመሃሮ 2ይ ደረጃ ዝተዋህበ ኣስተምህሮ፡ ንባብ ኣብ ምዕባለ ሕብረተሰብ ብሓፈሻ፣ ኣብ ምዕማቕ ፍልጠትን ምብራኽ ንቕሓትን ተመሃሮ ድማ ብፍላይ ዓቢ ኣገዳስነት ከምዘለዎ ተገሊጹ።

ኣብ ጨንፈር ሃማመተኤ ዞባ ዓንሰባ ሓላፊ ምክትታል ውዳበ መንእሰያት ሰራሕተኛታት መንእሰይ መርሃዊ ዘርኣይ፡ ንባብ ፍልጠትን መረዳእታን ዘስፍሕ፣ ከምኡ'ውን ሞያዊ ብቕዓት ንምስራጽ ዝሕግዝ ቀንድን ወሳኒን ከምዝኾነ ኣብሪሁ።

ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ዓንሰባ መምህር ክፍላይ ዓንደሚካኤል ድማ፡ ኣካዳምያዊ ትምህርቲ መበገሲ፣ ንባብ ድማ ዝሰፍሐ ፍልጠት ዘደልብ ሜላ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ካብ ብደረጃ ዞባ ሓሊፉ፡ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ክካየድ ጀሚሩ ዘሎ መደብ፡ ኣብ መጻኢ ናብ ምምሕዳራት ከባቢ ንምውራዱ ከምዝስራሕ ሓቢሩ።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ብምውህሃድ ጨናፍር ሚኒስትሪ ትምህርትን ሃማመተኤን ዞባ ዓንሰባ ዝተወደበ ቅነ ምርኢት መጽሓፍቲ፡ ብ23'ን 24'ን ለካቲት ኣብ ዲላበርዕድ ተኻዪዱ።

እዚ መደብ'ዚ፡ ብ25'ን 26'ን ለካቲት ኣብ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ፡ ካብ 27 ለካቲት ክሳብ 2 መጋቢት ድማ ኣብ ከተማ ከረን ክካየድ ምዃኑ ተፈሊጡ ኣሎ።



# ዜና ከባቢ

ሸዊት ተኽለ

## ሱዳን - 80 ሚእታዊት ካብ ህጹጽ መመገቢ ማእከላት ተዓጽየን

ብሰንኪ ምቁራጽ ሰብኣዊ ሓገዛት ኣመሪካ፡ ኣስታት 80 ሚእታዊት ካብተን ብኩናት ሓድሕድ ሱዳን ቀጢባዊ ጸገማት ንዚገጠሞም ሰባት ኣብ ምሕጋዝ ዝጸንሓ ህጹጽ ናይ መግቢ ሓገዛት ዝህባ መመገቢ ማእከላት ክዕጸዋ ከምእተገደዳ በቢሲ ኣፍሊጡ።

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኑቲ ካብ ትካል ልምዓት መንግስቲ ኣመሪካ ማለት 'ዩኤስኤይድ' ዝወሃብ ዝነበረ ሓገዛት ን90 መዓልታት ደው ክብል ዝሃቦ ትእዛዝ ብዘስዓቦ ጽልዋ፡ ኣብታ ሃገር ልዕሊ 1,100 ኮማዊ መመገቢ ማእከላት ክዕጸዋ ዘገድድ ምኽንያት ተሓቢሩ።

በዚ ድማ ኣስታት 2 ሚልዮን ሰባት ክጸለዉ ከምዝኽእሉ ተኣማሚኑ ኣሎ።



ግጭት ሰራዊት ሱዳንን ሓይልታት ወሰብቲ ደገፍን ኣብ ሚያዝያ 2023 ካብ ዝጀመረ፡ ዓሰርተታት ኣሽሓት ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ ካልኦት ሚልዮናት ካብ መንበሪ ኣባይቶም ክመዛበሉ፡ ሓያሎ ድማ ንጥምየት ክቃልዑ ተገዲዶም ምህላዎም ይሕበር።

እተን መመገቢ ማእከላት፡ ብኸፍልታት ህጹጽ ምላሽ ዝፍለጣ ጉጅለታት ዝመሓደራ ኮይነን፡ ኣብ ከበባኦም ንዘፍጠር ቅልውላው ህጹጽ ምላሽ ንምሃብ ኣብ ቅድመ-ግንባር ተሰሊፈን ብዘዘጥፋ መርበብ ወለንተኛታት ዝቖማ እየን።

ምምሕዳር ትራምፕ፡ ሰብኣዊ ሓገዛት ኣመሪካ ንረብሓ ኣመሪካ ዘገልግል ደዩ ኣይኮነን ንምፍላጥ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሃንደበት ደው ከምዝበሎ ዝፍለጥ እዩ።

ምዕጻው መብዛሕትአን ህጹጽ ረድኤት ዝቕርባ መመገቢ ማእከላት ሱዳን፡ ኣብ ዓለምና ሕጽረት መግቢ ንምምካት ንዘሰርሓ ትካላት ርኡይ ዕንቅፋት ምኽኑ እዩ ዝሕበር ዘሎ።

እተን ሓገዛት መግቢ ንምቕራብ ዝቖማ ኮማዊ መመገቢ ማእከላት፡ ኣብ መጀመርታ ደረጃ ኩናት ሓድሕድ እታ ሃገር ኣብ ወፈያታት ማሕበረሰብን ዲያስፖራን ሱዳን ምርኩስ ገይረን እየን ንጥፈታተን ዘካይዳ ነይረን። ደሓር ግን ካብተን ሰብኣዊ ሓገዛት ናብ ዞባታት ግጭት ንምብጻሕ ዝሰርሓ 'ዩኤስኤይድ' ዝርከበን ኣህጉራውያን ትካላት ምወላ ክረኽባ ጀሚረን - ብመሰረት ጸብጻባት።

## ሃገራት ኣፍሪቃ ናብ ኮንጎ ሰራዊተን ንምውፋር ይሰርሓ

ኣባል ሃገራት ውድባት ምብራቕን ደቡብን ኣፍሪቃ፡ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ዕጡቕ ተቓዋሚ ጉጅለ 'ኤም-23' ዝርከቡ ከባቢታት ምብራቓዊ ደሞክራሲያዊት ረፓብሊክ ኮንጎ ንምምላስ ሰራዊተን ከዋፍራሉ ዝኽእላ መገድታት የናድያ ከምዘለዋ፡ ሮይተርስ ረኺቦዮ ንዝበሎ ሰነዳት ብምጥቃስ ሓቢሩ።

ዞባዊ ውድባት ምብራቕ ኣፍሪቃን ማሕበረሰብ ልምዓት ደቡብ-ኣፍሪቃን (ሳደክ)፡ ኣቐዲሞም ኣብ'ቲ ብምዕዳናት ሃብታም ዝኾነ ዞባ ዝቕጸል ዘሎ ኩናት ደው ክብል ጸዊዖም ነይሮም።

ብመሰረት'ቲ ሰነዳት፡ እተን ውድባት ምስ ዘይተገልጹ ሓይልታት ሕብረት ኣፍሪቃ ብምትሕብባር ኣብ ኣውራጃታት ሰሜንን ደቡብን ኪቩ እቲ ዕጡቕ ጉጅለ ንዘቆጻጸሮም ከባቢታት ናጻ ንምውጻእ ሓላፍነት ክወስዳ እየን ዝደልያ ዘለዋ።

ብዘይካ'ዚ፡ ተልእኾ ዓቃቢ ሰላም ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኮንጎ (ሞኑስኮ) እውን ኣብ'ቲ ዞባ ዘለዎ ህላወ ክሓይል ሕቶ ክቐርበሉ ከምዝኽእል እቲ ሰነድ ይገልጽ።

ንሰራዊት ኮንጎ ንምሕጋዝ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ'ታ ሃገር ዝኣተወ ወተሃደራዊ ተልእኾ ዘናውሐ 16 ኣባላት ዝሓቖፈ ሳደክ፡ ካብ መጀመርታ 2025 ኣትሒዙ ከቢድ ክሳራታት ከምዝገጠሞ ይሕበር።



## ወተሃደራዊት ነፋሪት ሱዳን ተሓምሺሻ

ሓንቲ ወተሃደራዊት ነፋሪት ሱዳን፡ ዝሓለፈ ሰሉስ ኣብ ከተማ ኦምዱርማን ወዲቓ ብምሕምሻሻ፡ ሰራሕተኛታታን ሓያሎ ኣዘዝቲ ሰራዊትን ዝርከብዎም ልዕሊ 20 ሰባት ከምዝሞቱ ተሓቢሩ።

እታ ካብ ካርቱም ንሰሜን ኣስታት 22 ኪ.ሜ ርሒቑ ካብ ዝርከብ መደበር ሓይሊ-ኣየር 'ዋዲ ሰይድና' ዝተበገሰት 'ኣንቶኖቭ' ዝዓይነታ ነፋሪት፡ ድሕሪ ምብጋሳ ነዊሕ ከይጸንሐት ከምዝወደቐት፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል ሱዳን ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ ሓቢሩ።

እታ ነፋሪት፡ ሓያሎ ላዕለዎት መኮንናት ሰራዊት ኣብ ምጉዓዝ እንከላ ብዘጋጠማ ቴክኒካዊ ጸገማት ከምዝወደቐት እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ኣብ'ቲ ህዝቢ ብጽዑቕ ዝነብረሉ ከባቢ ቅድሚ ምውዳቓን ምቅጻላን ኣብ ትሕቲት ብራኽ ከምዝበረረት'ውን ናይ ዓይኒ መሰኻኽር ገሊጾም።

ብመሰረት ጸብጻብ 'ሱዳን ኒውስ'፡ በቲ ሓደጋ ነፋሪት ሓደ ብርጋዴር ጀነራልን ሓያሎ መኮንናትን ክሞቱ እንከለዉ፡ ብወሕዱ ህይወት ሓሙሽተ ሰላማውያን ሰባት'ውን ጠፊኡ ኣሎ።

ብዘይካ'ዚ፡ ስብርባር ናይ'ታ ነፋሪት ኣብ መንበሪ ኣባይቲ ብምዕላቡ፡ ገለ ኣባይቲ ዕንወት ከምዝበጽሖ ተሓቢሩ።

ኣብ'ቲ ከባቢ ዝርከብ ናይ ወለንተኛታት ጉጅለ 'ካራሪ ረዚስታንስ ኮሚቲስ'፡ ድሕሪ እቲ ሓደጋ ሓያሎ ግዳያት ቃጸሎን ዓሰርተ ሬሳታትን ናብ ሆስፒታል ከምዝኣተዉ ጸብጺቡ።

እቲ ጉጅለ ወሲኹ፡ ኣብኡ'ዮም ብህይወት ዝተረፉ'ውን ከቢድ መጉዳእቲ ከምዘሎ ኣብሪሁ።

እዚ ሓደጋ፡ ኑቲ ኣብ ሱዳን ዝቕጸል ዘሎ ሰብኣዊ ቅልውላው መሊሱ ዘጋድድ ምኽኑ እዩ ዝሕበር።



## ሶማል ምስ ሕብረት ኣፍሪቃ ኣብ ስምምዕ በጺሓ

ፌደራላዊ መንግስቲ ሶማልን ሕብረት ኣፍሪቃን፡ ኣብ ጉዳይ ሓድሽ ተልእኾ ሕብረት ኣፍሪቃ ኣብ ሶማል ብዝምልከት ኣብ ስምምዕ ከምዝበጽሑ ተሓቢሩ።

ክልተኦም ወገናት፡ ቀጽሪ ናይ'ቶም ናብ ሶማል ዝለኣኹ ወተሃደራት ኣፍሪቃ ክንደይ ይኹን ኣብ ዝብል ነጥቢ'ዮም ክሰማምዑ ክኢሎም ዘለዉ።

እዚ ዝተሓበረ፡ ድሕሪ'ቲ ኣብ መንጎ መንግስቲ ሶማልን መንግስታት ኢትዮጵያን ብሩንዲን ብጉዳይ ቀጽሪ ካብ'ተን ሃገራት ዝለኣኹ ሰራዊት ዝተፈጥረ ዘይምርድዳእ እዩ።

ምስ መራኽቢ ብዙሓን ቃለ-መሕትት ክካየድ ፍቓድ ዘይብሉ ስሙ ከይግለጽ ዝሓተተ ብዓል-ስልጣን ሕብረት ኣፍሪቃ ንድምጺ ኣመሪካ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ መንጎ ሶማልን ብሩንዲን ብጉዳይ ቀጽሪ ናይ'ቲ ካብ ብሩንዲ ዝመጽእ ሰራዊት ድሕሪ ዝተፈጥረ ዘይምርድዳእ፡ ካብ 2007 ኣትሒዞም ኣብ ሶማል ዝጸንሑ ሓይልታት ብሩንዲ ካብ'ታ ሃገር ክወጹ ኣብ ስምምዕ ተበጺሑ ከምዝነበረ ሓቢሩ።

ይኹን'ምበር፡ ኣብ'ተን ሃገራት ተፈጢሩ ዝነበረ ዘይምርድዳእ ንምፍታሕ ብቐጻሊ ዝርርብ ይካየድ ከምዘሎ፡ ሓደ ብዝተመሳሰሊ ምኽንያት ስሙ ዘይተገልጸ ብዓል-ስልጣን ኣብሪሁ።


ብመሰረት እቲ ሓድሽ ኣወዳድባ፡ 4,500 ወተሃደራት ካብ ኡጋንዳ፡ 2,500 ካብ ኢትዮጵያ፡ 1,520 ካብ ጅቡቲ፡ 1,410 ካብ ኬንያ፡ 1,091 ወተሃደራት ድማ ካብ ግብጺ ክለኣኹ ምኻኖም፡ እቲ ብዓል-ስልጣን ወሲኹ ኣረዲኡ።

ተልእኾ ደገፍን ምርግጋእን ሕብረት ኣፍሪቃ ኣብ ሶማል 'AUSSOM'፡ ኣብ መሬት ሶማል ዝንቀሳቐሱ ፖሊስን ሲቪላውያን ሰራሕተኛታትን ዝርከብዎም 11,900 ወተሃደራት ክህልዎ ትጽቢት ከምዝተገበረ፡ ሰበስልጣን ሶማልን ሕብረት ኣፍሪቃን ገሊጾም።

ብዘይካ'ዚ፡ እቶም ኣብ ሞቓድሾ ጆውሃርን ባይዶዋን ክሰፍሩ ምኻኖም ዝተገልጹ ኣባላት ፖሊስ - ካብ ናይጀርያ፡ ሴራሊዮንን ግብጺን ዝመጹ ምኻኖም ተሓቢሩ።

ማዕርሒ ምጅማር ናይ'ቲ ሓድሽ ተልእኾ፡ ብሰንኪ'ቲ ብ1 ጥሪ 2024 ኢትዮጵያ ምስ ሶማሊላንድ ዝበጸሖቶ ኣካታዒ ስምምዕ ኣብ መንጎ ሶማልን ኢትዮጵያን ዝሳዕበ ዲፕሎማስያዊ ወጥሪ ተደናጒዩ እዩ ጸኒሑ።

ኑቲ ጠንቂ ጸጥታዊ ቅልውላው ሶማል ዝኾነ ሸበራዊ ጉጅለ 'ኣል-ሸባብ' ንምጥፋእ፡ መንግስቲ ሶማል ዝተፈላለየ ጻዕርታት የካይድ ምህላዉ እዩ ዝጥቀስ።



### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ፍሉይ መደብ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መደብ ቡያ |
| 13:30 | (ዜና ዓረብ) |
| 13:45 | ዕላል ጥበባት |
| 14:25 | ፊልም ቓይና |
| 15:10 | ተክኢንሳይት |
| 15:50 | ፓኖራማ |
| 16:20 | ናትራን (1ይ ክፋል) |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ሌላ |
| 17:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 17:40 | ናትራን (2ይ ክፋል) |
| 19:10 | ፊዮሪና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ተኸታታሊት ፊልም ዕርፊ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ፈንቅል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እትመሓት ሲት-ኮም |

# ሓሳባት

## ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?

ሰረቐ ክፍለ
መበል 41 ክፋል

*ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ 'ደሞክራሲ እንታይ እዩ?' ዝብል ኣርእስቲ ኣልዒልና፡ መረዳእታ ፖለቲከኛታትን ተራ ህዝብን ብዛዕባ ደሞክራሲ እንታይ ከምዝመስል ንምርኣይ ናይ ልዕሊ ሓደ ዘመን ተመኩሮ ደሞክራሲ ዘለዎ ህዝቢ ቤልጅዩም ዘለዎ መረዳእታ ንምፍላጥ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ተመልኪትና፡ ናብ ባጀላ ደሞክራሲ ዝብል ኣርእስቲ ብምኽኣድ ድማ ገለ ምዕራባውያን ትካላት፡ ዘ ኢኮኖሚስት ኢንተሊጀንስ ዩኒት፡ ትካል ኣቲደም ከምኡ'ውን ሺ ደሞክራሲ ዝጥቀምሉ መለክዒ ደሞክራሲን ብኡ መሰረት ንሃገራት ክህብኦን ዝፍትና ባጀላታትን ኣዝቲብና። መቐጸልታኡ ይስዕብ፦*

### መለክዒታት ጸብጻብ ሺ-ደሞክራሲ

ሺ-ደሞክራሲ ከም መግለጺ ደሞክራሲ ዝቆጸርዎ መትከላት፦

- መትከል ምርጫ (Electoral Principle)፡ ብብእዋኑ ዝካየድ ምርጫን ድልየት ህዝቢ ንምርግጋጽ ዝወጽእ ደንብታትን ዘጠቓልል እዩ።

- መትከል ሊበራልነት (Liberal Principle)፡ ምውሓስ መሰል ውልቀሰባትን ዝውሓደ ክፋልን (minority) "ካብ ጭቆና ብዙሓትን - tyranny of the majority" መንግስትን የጠቓልል።

- መትከል ተሳታፍነት (Participating Principle)፡ ቀጥታዊ ምሕደራን ተሳትፎ ህዝብን ኣብ ኩሉ ፖለቲካዊ ጉዳያት የጠቓልል።

- መትከል ዘተ (Deliberative Principle)፡ ፖለቲካዊ ውሳኔታት ኣብ ኩሉ ጽፍሕታት፡ ምእንቲ ረብሓ ህዝቢ ክኾኑ፤ ካብ ስምዒታት፡ ጸቢብ ምትእስሳር፡ ፍሉይ ረብሓን ምፍርራሕን ናጻ ክኾኑ፣ ኣብ ጭብጢ ሓበሬታ ዝምርኮሱን ብምኽባርን ምኽናዮም የጠቓልል።

- መትከል ማዕርነት (Egalitarian Principle)፡ ነገራውን ዘይነገራውን ዘይምዕሩይነት፡ ፖለቲካዊ መሰልን ናጽነትን ብኣሉታ ዝጸሉ እዩ፡ ብዘተኻእለ መጠን ኩሎም ዜጋታት ናይ ምስታፍ ኣኻእሎ፡ ኣብ ፖለቲካዊ ሓላፍነት ክገልግሉ፡ ጉዳዮም ከም ኣጀንዳ ክለዓል፡ ፖለቲካዊ ፖሊሲ ክጸልዉ፡ "ኣብ ትሕቲ ሕግን" "ብተግባርን" ማዕረ ዕድል ክህልዎም ይግባእ። ዓቢ ፍልልይ ኣብ ሓለዋ ጥዕና፡ ትምህርቲ፡ ኣታዊታት (ሃብቲ)፡ ፖለቲካዊ መሰል/ሓይሊ ዜጋታት "ብተግባር" ከም ዝሃንቀፉ ብመጽናዕቲ ዝተረጋገጸ እዩ።

- መትከል ዓብላልነት ብዙሓን (Majoritarian Principle)፡ ብመትከላት ደሞክራሲ ዓብላሊ ደምጺ ዝረኸቡ ክመርሑን ዝደልይዎ ፖሊሲ ክትግብሩን ቅቡል እዩ።

- መትከል ምስምማዕ (Consensual Principle)፡ እቶም ዓብላሊ ደምጺ ዝረኸቡ ኑቶም ዝውሓደ ከርሕቕዎም ኣይግባእን። ዝተፈላለየ ሓሳባት ዘለዎም ምስታፍ ወጽኢታዊ እዩ።

ዝርዝር ጸብጻብ ሺ-ደሞክራሲ
ኩነታት ሊበራል ደሞክራሲ ኣብ 2020

ብመሰረት ጸብጻብ ሺ ደሞክራሲ፡ ኩነታት ደሞክራሲ ኣብ 2020 ምዕራብ ኤውሮጳን ሰሜን ኣመሪካን ከምኡ'ውን ገለ ክፋል ላቲን ኣመሪካ፡ ኣውስትራልያ፡ ጃፓን፡ ኒውዚላንድን ታይዋንን ዝለዓለ ደረጃ ሊበራል ደሞክራሲ ኣለወን። ዝተሓተ ሊበራል ደሞክራሲ ዘለወን ድማ ዓቢ ክፋል ጸለም ኣፍሪቃ፡ ማእከላይ ምዕራብን ሰሜን ኣፍሪቃን፡ ቻይና፡ ሩስያ፡ ሽዚወላን እየን።

ኣብ 1972 ሊበራል ደሞክራሲ ዝኽተላ ሃገራት 20 ነይረን። ኣብ 90ታት ኣብ ዝለዓለ ጥርዚ ብምድያብ 41 በጺሐን። ኣብ 2020 ድማ ናብ 32 ኣንቆልቂለን። ብመንጽር ብዝሒ ህዝቢ ዓለም ኣብዘን ሊበራል ዝበሃላ ሃገራት ዝነብሩ ኣብ 1972 ኣስታት 17% ነይሮም ኣብ 2020 ድማ ናብ 14% ኣንቆልቂሉ።

ኣብ 1972 ሊበራል ደሞክራሲ ዝኽተላ ሃገራት 20 ነይረን። ኣብ 90ታት ዕጽፊ (41) እንተድኣ በጺሐን ክበሃን ከመይ ኢሉ እዩ ብመንጽር ብዝሒ ዓለም እቲ ብዝሒ ልዕሊ 17% ዘይደየበ? ሓደ መግለጺ ኣብ ሊበራል ደሞክራሲ ዝነብሩ ብዙሕ ስለ ዘይወለዱ ክኸውን ይኽእል። እዚ ግን ኣዕጋቢ ኣይመስልን። እቲ ካልኣይ መግለጺ ድማ መዐቀኒ ሊበራል ዝያዳ ስለ ዝኸረረ ክኸውን ይኽእል። ኣብዚ ከይተጠቕሰ ክሓልፍ ዘይብሉ፡ ምዕራባውያን ሃገራትን ግብረሰናይ ማሕበራቶምን ከምኡ'ውን ብዙሓት የዋሃት ኣፍሪቃውያን ኣክቲቪስትን ንሃገራት ኣፍሪቃ ክወቕሱ፡ ክእግዱ፡ ክቐጽዑ እንከለዉ ዝጥቀምሉ መለክዒ ደሞክራሲ እቲ ሊበራል ክፋሉ እዩ። እዚ ድማ ቀስ ኢልና ክንዝምልሶ ኢና።

ካብ 1972 ክሳብ 2020 ሃገራት ናብ ደሞክራሲ ደየን ናብ ምልካዊ ስርዓት ንክበሰን ዘርኢ ሰሌዳ ሺ ደሞክራሲ ድሕሪ ምብትታን ሕብረት ሶቭየት ኣብ 90ታት ናብ ደሞክራሲ ዝምርሓ ሃገራት ካብ ከባቢ 22 ኣብ 1990 ናብ 72 ኣብ 2000 ከምዝዓረጋ የመልክት። ናይ ሰለስተ ዕጽፊ ዕብየት። ኣብ ሓሙሽተ ዓመት ዘይኣክል ግዜ ድማ ኣስታት 40 ሃገራት ፈተነ ደሞክራሲ ራሕሪሐን። ኣብ 2020 ከኣ ትሕቲ'ቲ ናይ 1972 ብምውራድ 16 ሃገራት ጥራይ ደፍትና ኣለዋ።

ብኣንጻሩ ካብ 1972 ክሳብ 1990 ናብ ምልኪ ዝምርሓ ሃገራት ካብ 28 ናብ 5 ክወርዳ እንከለዋ፡ ኣብ 90ታት ብዙሕ ለውጢ ከይተገበረ ካብ 2000 ጀሚሩ ብዝሐን ካብ 5 ኣብ 25 በጺሑ። ብመንጽር ብዝሒ ህዝቢ ኣብዚ ዝሓለፈ 50 ዓመት ኣብ ትሕቲ ደሞክራሲ ናይ ዝፍትና ሃገራት ብዝሒ ለውጢ ከየርኣየ ካብ 5% ናብ 4% ወሪዱ። ብኣንጻሩ ኣብ ትሕቲ ምልካዊ ስርዓት ዝነብሩ ኣህዛብ ዓለም ካብ 10% ናብ 34% ዓሪጉ።

ካብተን ናብ ምልኪ ወይ ደሞክራሲ ዝሰገሳ ሃገራት ኣብ 2010 ክሳብ 2020 ቀዳሞት 10 ሃገራት ብዝርዝር ቀሪበን ኣለዋ። ኣብ ኣፍሪቃ ናብ ደሞክራሲያውነት ዓቢ ምዕባለ ዘርኣያ ሃገራት ቱኒዝያ፡ ጋምብያ፡ ኒጀርን ማዳጋስካርን እየን ይብል እቲ ጸብጻብ። ንኣብነት ቱኒዝያ ኣብ 2010 ዝነበራ ሊበራል ደሞክራሲ መለክዒ (LDI) 0.1 ነይሩ ኣብ 2020 ድማ 0.64 ደይቡ። ዓቢ ዝላ እዩ! ንምንታይ ጸኒሕና ክንዝምለሶ ኢና።


### ዓሰርተ ዓመት ድሕሪ ምልዕዓል ዓረብ

ብ18 ታሕሳስ 2010 ቱኒዝያዊ መሓመድ በዋዚዝ ንበልሽውና ተቓውሞኡ ንምግላጽ ኣብ ቅሉዕ ጎደና ነብሱ ብሓዊ ምስ ኣቃጸለ ፈለማ ኣብ ቱኒዝያ ኣስዒቡ ድማ ኣብ ኣልጀርያ፡ ጆርዳን፡ ግብጺን የመንን ቀጺሉ ድማ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ማእከላይ ምብራቕን ሰሜን ኣፍሪቃን ህዝባዊ ናዕቢ ልሒሙ። እዚ ተቓውሞ'ዚ ዝረአዩ ገለ ምዕራባውያን መንግስታትን መብዛሕትኦን ግብረ ሰናይ ማሕበራቶምን ከም ጻውዒት ህዝቢ ንደሞክራሲ ገሊጾሞ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ሓያላት ናይ ምዕራብ መንግስታት እንታይ ከም ዝነብሩ ጨፊቑወን። በቲ ሓደ ሸነኽ ንጸርተታት ዓመታት ዝመወልኦን ዝተኸናኸንኦን ስርዓታት ኑቀይ ኑቀይ ክብል እንከሎ በቲ ካልእ ሸነኽ ከኣ እቶም ለውጢ ዝሓቱ ዝነብሩ ኣብይ ከምዝምርሑ ግር ኢሉወን። መራኽቢ ብዙሓን ምዕራብ ነቲ ምንቅስቓስ ህዝቢ ዝመስለን ስም እናጠመቓ ዜና ዓለም ዓብሊለናኦ። ሓደ ካብቲ ክሳብ ሎሚ ከም ሓወሲ ታሪኻዊ ቅርሲ ናይ ዓረብ ምንቅስቓስ ኮይኑ ዝተረፈ፡ እቲ ንኣዋርሕ ዝቐጸለ ናይ ካይሮ ታሕሪር ስኩዌር ሰላማዊ ሰልፊ እዩ።

### ህዝባዊ ምንቅስቓስ ታሕሪር ስኩዌር፡ ካይሮ

ኣብዚ ናዕብታትዚ ህዝቢ እንታይ እዩ ዝሓትት ነይሩ? ደሞክራሲ'ኸ ከምቲ ግብረ ሰናይ ማሕበራትን ከኢላታትን ምዕራብ ዝበልዎ ኣብ ጸርግያ ወጺኻ ተቓውሞ ብምርኣይ ጥራይ ክትተከል ይከኣል ደዩ? ጸብጻብ ሺ-ደሞክራሲ ንርአ።

ብመሰረት መለክዒታት ሺ-ደሞክራሲ ድሕሪ'ቲ ህዝባዊ ናዕቢ ናይ 2010 ንጹር ኣዎንታዊ ወጽኢት ዘርኣየት




ቱኒዝያ ጥራይ እያ። ሊብያ ዓቢ ምዕባለ ከም ዘርኣየት'ውን እቲ ሰሌዳ የርኢ። ይኹን'ምበር ኣብ ባይታ ዘሎ ኩነታት ህዝቢ ቱኒዝያን ሊብያን ንዝፈልጥ ሰብ፡ ልዕሊ ኩሉ ድማ ንህዝቢ ቱኒዝያን ሊብያን እንታይ እዩ እቲ መለክዒታት ዘስዩምም እዩ። እቲ መለክዒታት ክንዝምለሶ ኢና። ኣብዚ ግን ብሓጺሩ "ምልዕዓል ዓረብ" ንዝለ ሃገራት ኣብ ደልሃመት ኣምሪሑ ኣብ መብዛሕትኦን ድማ ኣብ ባይታ ብዙሕ ለውጢ ከምዘየምጽአ ጥራይ ንጠቅስ።

ቀንዲ ኣተኩሮና ጎደቦናን ሃገርና ኤርትራን እዩ። ኣብዚ ዝስዕብ ድማ ጸብጻብ ሺ-ደሞክራሲ ብመንጽር ብሉጻት ሊበራል ደሞክራሲያውያን ሃገራትን ጎደቦናን ዝበሎ ክንርኢ።

### ጸብጻብ ሺ-ደሞክራሲ ብዛዕባ ጎደቦና

ሺ-ደሞክራሲ ንድሕሪት ክሳብ 1789 ተመሊሶም እውን ናይ ሃገራት ታሪኻዊ ገምጋም ደሞክራሲ ይሰንዱ እዮም። ንኣብነት ናይ ኤርትራ ካብ 1900 ዝጅምር፡ ናይ ኢትዮጵያ ድማ ካብ 1789 ዳታ ኣሎና ይብሉ። ብምጥቃላል ሺ-ደሞክራሲ ኣስታት 28.1 ዳታ ነጥብታት ኣሎና ይብሉ። ካብዚ ዳታ ተላዒሎም ከኣ ጸብጻብ ሊበራል ደሞክራሲ የቕርቡ። ናይ 2020 ተርታ ከምዘርእዮ ብብዙሕ መዐቀኒታት ቀዳመይቲ ትወጽእ ደንማርክ ኮይና ድሕሪ ኩሉ ትወጽእ ድማ ኤርትራ እያ። ይትረፍ'ዶ ሃገርካ ብቐረባ ትፈልጦ ሰብ እውን ኣብ ዝኾነ ፈተና ወይ ውድድር ድሕሪ ኩሉ ወጺኡ ክትሰምዕ ስምዒታት ዘለዕል እዩ። ክንጽር ስምዒታት ግን ዳታ ሺ-ደሞክራሲ ክንፍትሽ።

### ብሉጻት ሃገራት ሊበራል ደሞክራሲን ጎደቦናን - 2020

ንምንታይ እያ ሃገርና ኤርትራ ኣብ መብዛሕትኡ መዐቀኒታት ሺ-ደሞክራሲ ድሕሪ ኩሉ ትወጽእ? ኤርትራ ኣብ ሊበራል መለክዒ 1 ካብ 100፡ ኣብ ምርጫዊ 7 ካብ 100፡ ኣብ ሊበራል ክፋል 3 ካብ 100፡ ኣብ ማዕርነት 44 ካብ 100፡ ኣብ ሱታፌ 3 ካብ 100፡ ኣብ ዘተ 11 ካብ 100፡ ኣምጺኣ ማለት፡ እንታይ ማለት እዩ? ካብ መዓስ'መዓስ እዩ? እንታይ ክንገብር ንኽእል ኢና ከመሓይሽ? ካብ መዓስ እያ'ኸ ከምዚ ኣንቆልቂላ? ስምዒታትካ ምስ ተቖጻጸርካ ዝለዓሉ ሕቶታት እዮም።

በቲ ካብ መዓስ ዝብል ክንጅምር። ሺ-ደሞክራሲ ብዛዕባ ደሞክራሲያዊነት ሃገራት ናይ ኣማኢት ዓመታት ዳታ ኣሎና እዮም ዝብሉ። ንድሕሪት ምልስ ኢልና ናይ ኤርትራን ኢትዮጵያን ክንድህስስ። ሺ-ደሞክራሲ በየናይ ተኣምር ዝርዝራዊ ደሞክራሲያዊ ዳታ ኤርትራ ካብ 1900፡ ናይ ኢትዮጵያ ድማ ካብ 1789 ኣከቢቦም ንኺ ጉዳያና ዘለዎም ዳታ ክነርድኦ ክንፍትሽ። ብመሰረት ዳታ ሺ-ደሞክራሲ፡ ኤርትራ ካብ 1900 ጀሚራ ዳርጋ ኣብ ኩሉ መለክዒታት 1 ካብ 100 እያ ተምጽእ። ንምንታይ? ካልእሲ ኩሉ ይትረፍ፡ ኩሎም ናይ ምዕራብ ክኢላታት ዝሰማምዑሉ ዝለዓለ መርኣያ ቀጥታዊ ደሞክራሲ ረፈረንደም እዩ።

ኣብ ኤርትራ ኣብ 1952 (ናይ ዓመጽ ረፈረንደም) ተኻይዱ፡ ኣብ 1993 ድማ ዓለም ብዓለማ ርእያውን ፍትሓውን ኢላ ዝመስከረቶ ረፈረንደም ተኻይዱ። ብፍላይ ናይ 1993 ረፈረንደም መላእ ህዝቢ ኤርትራ ዝተሳተፎ፡ ሰፊሕ ዘተ ዝተኻየደሉ እዩ ነይሩ። ስለምንታይ እዩ እዚ ልዑል መዐቀኒ ደሞክራሲ ኣብ ባጀላ ሺ-ደሞክራሲ 1993 ዘይተንጸብረቐ? ከምኡ'ውን፡ ኣብ ኤርትራ ድሕሪ ናጽነት ብዙሕ ናይ ከተማ ወይ ከባቢ ዓዲ፡ ንኣስ ዞባ፡ ሓንሳብ ድማ ናይ ዞባ ምርጫ ተኻይዱ ክነሱ፡ ስለምንታይ እዩ እዚ'ኸ ኣብ ዳታ ሺ-ደሞክራሲ ፍጹም ዘይጥቀስ?

ካብ 1962 ክሳብ 1990 ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ኢትዮጵያ እያ ነይራ። ደዐ ይንኣስ ብዘየገድስ ኣብዚ ዝተጠቕሰ እዋን ንምንታይ እየን ኤርትራን ኢትዮጵያን በበይኑ ወጽኢት ኣመዝጊበን? ብዙሕ ሕቶታት ምልዓል ይከኣል እዩ። እቲ መልሲ ጉሓፍ ዳታ ጉሓፍ ወጽኢት ጥራይ እዩ ዝሀብ ክኸውን ይኽእል። ካብኡ ሓሊፉ ከኣ ፖለቲካዊ ምኽንያት ክኸውን ይኽእል።

ይቕጽል . . .



ሽባብ
ሃማመተኤ

ማዕበል ንእስነት

# ገንዘብ ምውህላል ዕድመ የድልዮ ድዩ?

ኣዱሊስ ተስፋይ

ናብ ክፍሊ መቐበል ኣጋይሽ ካብ ንኣቱ ዓሰርተ ደቒቕ ኣሕሊፍና ነበርና። ካንሸሎ ከፊታ ዝተቐበለትና ሰራሕተኛ ገዛ፡ ንሰለስተና ገዲፋትና ናብ ክሽነ ምስ ኣተወት ቀልጢፋ ኣይተመልሰትን። ንሚካል መሓዛና ክንበጽሓ ኢና ኬድና።

ሚካል፡ ሓኪም ንዝኣዘዘላ መድሃኒት ወሲዳ ኣብ ገዛ ደቂሳ ክትወስዶ እዩ ተነጊሩዋ። ቀዳመ ሰንበት ሓዊስና ኣርባዕተ መዓልቲ ኣይረኸብናያን። ፊሩዝ ብናፍቖት፡ ሄለን ብሸነታት ጥዕናኣ ተሻቒለን “ከይርኣናያ ገዛና ኣይንኸይድን ኢና፡” ስለ ዝበላ ኢና ምስ ናይ ትምህርቲ ክዳንና ናብ ገዝኣም ዝኸድና።

“ብመደብ ክንመጽእ ነይሩና፡” በልኩ ኣብቲ ገፊሕ ገዛ ሕልምልም ምስ በዝሓና።

“ከይተዓደመ ዝመጽአስ...” ምስ በለት ሄለን ንፊሩዝ ብዓይና ቀጽዓታ።

“ዕድመ ኣበይ? ኣብ ምንታይ?” ብሕቶ ኣጨነቐታ። ፊሩዝ ሓንሳብ ስሒቓ ስቕ በለት። ዘረባ የለ ዕላል የለ።

መን ይርእያ ከም ዝነበረ ዘይፈልጥና ተለቪዥን ተወሊዓ እያ ጸኒሓትና። ሄለን ተለቪዥን ከተጥፍኣ ተስአት። ናይ ዓባያ ዛንታ መኽፈቲ ዕላል ተጠቐመትሉ። ዓባያ፡ ተለቪዥን ወሊዓ ከየጥፍኣታ እያ ትድቅስ። ከምዛ መደቀሲ ከኒና እያ ትጥቀመላ። “ተለቪዥን ወሊዕካ ብግቡእ ኣጥፊእካያ ክትድቅስ ወይ ክትወጽእ እዩ ዝግባእ። ዘየድሊ ሃንኪ ጽቡቕ ኣይኮነን። ምቍጣብ ጽቡቕ እዩ፡” ምኽሪ ኣቕረበት ሄለን። ንኹሉ ነገር እያ ብዕቱብ ትርእዮ።

“ሕራይ ባባ መሓዙተይ መጺኣናና ኣለዋ። ሕራይ በቃ ቻው፡” ክትብል ሚካል ብውሽጢ ብተለፎን ክትዛረብ ሰማዕናያ። ዘረባ ወዲኣ ናብ መቐበል ኣጋይሽ ኣተወት። በብሓደ ሰዓመትና። ገጻ ጻዕድዩ፡ ከንፋራ’ውን ሓሙኽሽቲ መሲሉ። ድኻምን ዕብራንን ዘጥቅዓ ዓባይ ሰብ መሰለት።

“ምድግጋም ዘረባ ጸላእኩ። ባባ ሽሕ ግዜ እንተ ዘይደጋገሙ ዝተዛረበ ኣይመስሎን እዩ። ኣይትኣምናንን፡ እዝነይ ክሳብ ሓዊ ዝቕየር ሓንቲ ዓይነት ዘረባ ክደጋግም ጸኒሑ፡” ኵነታታ ገዲፋ ንናይ ኣቦኣ ዘረባ ከም መእተዊ ዕላል ተጠቕመትሉ።


“እንታይ ረኺቦ ኳለይ? በቃ ኣብ ኵሉ ገዛ ድዩ ዘደጋግምም ዘረባ?” በለታ ፊሩዝ። ግርዝውና ምኽሪ ማዕዳ ዘየቕብል ዕድመ እዩ። ንጽቡቕ ይኹን ኣማእዛኒ ቃላት ኣይትሰምዕን። ፊሩዝ’ውን ገና ናይ ባህሪ ለውጢ ኣይገበረትን።

ፊሩዝ ምስ ዓባያ’ያ ትቕመጥ። ስድራኣ ምስ ተፋትሑ ወለዳ ቀልጢፎም እዮም ተመርዕዮም። ብቐሊል ጠንቂ ከም ዝተፈላለዩ እያ ትኣምን።

“ኣንቲ ሚካለይ እምበኣር፡” በለት። ኣብ ስድራ ሚካል ከምኡ ክህሉ ኣይተጸበየቶን።

“ፊሩዝ!” በለታ ሄለን ውልቃዊ ህይወት ኣይትሕተቲ፡ ዘይምልከተኪ ምስጢር ክትፈልጢ ኣይትድለዩ ብዘስምዕ ቃና። ሚካል ግን ንዘረባ ሄለን ሚዛን ከይሃበት ሕቶ ፊሩዝ ክትምልስ ሃቀነት።

“ምሳይ ኣይኮነን ተባኢሱ። ምስ ማማ እዩ ተኹራርዩ። ባባን ማማን በቃ ሓዊ ኣጕዶም። መጥፋእቲ ሓዊ ዘየዝሕሎ ቃጸሎ ተፈጢሩ፡” ልሙድ ዋዛ ኣበገሰት። ኣቦ ሚካል ኣመሪካ እዩ ዝነብር። ዝኣክል ገንዘብ እዩ ዝሰደለን። ዝሰደደ ሰዲዱ ግን



ኣይመልኣለንን እዩ። ካብ ሚካል ንላዕሊ ኣደኣ ከም ትሕሸሽ ንፈልጥ ኢና።

“ንመሐከሚ ሰደድ በልዮ ኢላትኒ። ኣነ ከም ዝሓመምኩ’ውን ክፈልጥ ኣይደለኹን ነይረ። ‘ኣንቲ ማማ እንታይ ክኸውን እዩ፡’ በልክዋ። ‘ይሰደድ እምበር ካብኡ ሓሊፉ እንታይ ክባቑጥ እዩ፡’ ኢላትኒ። ስፒከር ከፊተ ስለ ዝነበርኩ ባባ ሰሚዕዋ። ኣንጸርጺሩ፡ ” ድሕሪኡ ዝተዘርበ ቃላት ከይሓብአት ነገረትና። ኣብታ እዋን ሚካል ንቓልን ኣተሓሳስባን ኣደኣ ኣይደገፈቶን። ግዜ ብዙሕ ክምህራን እቲ ምስ ሄለን ትኽፍቶ ዝነበረት ክትዕ ንባህራ ክቐይራን ከም ዝጀመረ ተገንዘብኩ። ንኣደኣ ምንቃፋ’ውን ተገረምኩ።

ኣደ ሚካል፡ ናይ ምሸማት ወልፊ ነበራ። ምዕዳግ ከም ዓቢ ስራሕ እያ ትቈጽሮ። ምቍጣብ ዝብሃል ኣይትፈልጥን እያ። ሓንሳብ ሓንሳብ ብኣከዳድና ምስ ሚካል ኳላ እያ ትወዳደር።

“ሕጂ ኸ እንታይ ኣባኣሶም?” ሓድሽ ጠንቂ ከይህሉ ሓተተት ፊሩዝ። ኣነ’ውን ክፈትሖን ክምልሶን ዝኽእል ጉዳይ ድኣ ኣይኹን እምበር ምኽንያት ክፈልጥ ደለኹ።

“ሳሪ ሓፍተይ ህይወት ከምዛ ናትኩም እያ ጥዕምቲ። ፍቕሪ ኣለኩም፡” ከይተረድኣ ኣብ መምዘኒ ሰቐለትና። ፍሽኽ ኢለ ጠሚተኩዋ። ሄለን’ውን ስሓቐት። “ልክዕ” ዝብል ምልክት ኢድ ኣርኣየታ።

“ባባ ብሪሞት ኮንትሮል እዩ ሓዳር ክመርሕ ዝደሊ። ማማ ኣብ ገነት እያ ክትነብር ትመርጽ፡” በለት። ዘረባኣ ግር ኣየበለናን። ኣዘራርባኣ ፍሉይ እዩ። ኣብ ገነት ምንባር፡ ካብ ናይ ሕልሚ ጀርዲን ፍሩታታት እናቐንጠብካ ምምጋብ እዩ፡ ብቛንቛ ሚካል።

“ባባ ተወዲእዎ። ከደንግጸኒ ጀሚሩ። ዝኸፍእ ሕቶ ኸኣ ሓቲቱኒ፡ ” ኢላ ስቕ በለት ሚካል።

“ብስሩዕ ብልዒ። ማይ ኣብዝሒ። ቀልጢፍኪ ደቅሲ ድዩ? ቀልጢፍኪ ካብ ትምህርቲ ዶ መጺእኪ፡” ሓተተታ ፊሩዝ ልዕሌና ንሚካል ትፈልጣ ንምምሳል።

“ሓሲበዮ ዘይፈልጥ ሕቶ እምበር። ኣብ ባንክ ክንደይ ናቕፋ ኣቐሚጥኪ ኣለኺ ኢሉኒ፡” ሚካል ዘረባ ከይወድአት ፊሩዝ ሰሓቐት።

“ሓቁ እዩ። ምውህላል እቲ ዝበለጸ ጥበብን ክእለትን እዩ። ምውህላል ዓቕምኻ ንምምዕባል ይጠቕመካ እዩ፡” በልክወን። ዳኒ ሓወይ ንዝመኸረንን ብስመይ ንዝኸፈተይ ደብተር ሕሳብ ባንክ ንመጀመርታ ግዜ ኣዕለልክወን።

“ገለ ክሰምዕ እየ። ሳሪ ናይ ባንክ ሕሳብ ኣለኪ? እንታይ ኣታዊ ኣለኪ ድዩ? ተረፍ ሰልዲ ኣለኪ ድዩ ዘይሰምዖ የብለይን፣ ካብ ሕጂ ናብ ባንክ፡” ፊሩዝ ተገሪማ ሓተተትኒ። ዓይና ምስ ፈጠጠ ክሳብ ክንድኡ ፍሩይ ጉዳይ ምዃኑ ፈለጥኩ።

“ሰብ ምውህላል እንተ ደኣ ጀሚሩ ካብ ሓሻሽነት ናጻ ይኸውን ማለት እዩ። ኣብ ዓለም እቲ ዝዓበየ ሕማም እንታይ ምዃኑ ትፈልጢ? ሓሻሽነት እዩ፡” ባዕላ ሓቲታ ባዕላ መለሰት ሄለን።

“ባባ እንታይ ኢሉኒ መሰለኪ። ‘ካብቲ ንበርዘደይ ዝሰደድኩልኪ ቈጢብኪ ኣብ ባንክ ከተቐምጢ’ውን ነይሩኪ፡’ ኢሉኒ፡” በለት ሚካል።

“በቓቕ ሰብ እኳ ኣይፍተወኒ፡” ምቕማጥ ከም ናይ በቓቓት ባህሪ ገለጸቶ ፊሩዝ።

“ምውህላልን ብቅን ሓደ ኣይኮነን። ብቒ ካልእ እዩ፡ ምውህላል ከኣ ካልእ እዩ። ምውህላል ብውሑድ እዩ ዝጅመር። ከም ባህሊ’ውን ክተኣታቶ ኣለዎ፡” ዝብል ሰፊሕን ኣእማንን ሓሳባትን ዛንታ ዓወትን ኣቕረበት ሄለን።

“እሞ ሓቃ እያ ዓባየይ፡ ሰብ፡ ጥጡን መርፍእን ኣላጊቡ፡ ንዝረኽቦ ኣካዊኑ እዩ ዝነብር ዘሎ ክትብለኒ፡ ” ፊሩዝ ቀልጢፉ በቲ ሓሳብ ተሰማምዐት። ካብተን ዓባያ ብዕቑብ ዝኣከባላ ሓሙሽተ ሚእቲ ናቕፋ፡ ሕሳብ ባንክ ከተውጽእ ምዃና ብምጥቃስ ኣፍለጥትና። ብሓባር እናሰሓቕና፡ ካብታ ገዛ ወጻእና።

ልቦና

# ኣነቓቓሒ ዛንታ

ሱራፌል ተ.

## እቲ ዝነፈር ተመን

ሓደ ንስሪ እናበረረ እንከሎ ናብ መሬት ጠመተ’ሞ፡ ሓደ ተመን ብለመምታ ክንቀሳቐስ ተዓዘበ። ናብቲ ተመን ገጹ ብምብራር ከኣ ከምዚ በሎ፤ “ሓወይ ተመን ዕድል ኣይገበርካን፣ ዘይከምዚ ከማይ ለመም ንኽትብል ተረጊምካ ኢኻ። ጽቡቕ ጽሕፍቶይ ንምብራር’ዩ።”

እቲ ተመን ናብቲ ንስሪ ጠመተ’ሞ፡ “ሓቅኻ ኣለኻ ንስረ፣ ብግብሪ ክበርር ኣይክእል’የ። ግን ምብራር እንታይ ምዃኑስ እፈልጥ’የ፡” በሎ።

“ከመይ ጌርካ ደኣ ክትፈልጦ? መንገብገብ’ኳ ዘይብልካ፡” ብምባል ፍሽኽ በለ ንስሪ።

“መብረሪ ክንፈይ ሓሳባት’ዩ፡” በለ ተመን፣ “ሓሳባት’ዩ ክንፈይ። ሕልምታተይ’ዮም ከኣ ሰማየይ። ኣብ መሬት ለመም እናበልኩ፡ ኣዒንተይ እዕምት። ኣዒንተይ ብዕሙተን ሰማይ እርእየ። ኣብ መሬት ዘይኮነ፡ ኣብቲ ሰማይ ሰለል እብል ከም ዘለኹ ኸኣ ብዓይነ-ሕልናይ እስእሎ። ኣብቲ ህሞት እበርር ኣለኹ። በቲ ናጻ ሓሳበይ እበርር ኣለኹ።

“ብናጻ መንፈሰይ፡ ናብ ሰማያት እበርር፣ ኣብ መሬት ለመም ዝብል ተመን ዘይኰንኩ፡ ኣብቲ ሰማያዊ ሰማይ ዝበርር ተመን እኸውን፣ ኣብቲ ደረት ኣልቦ ሰማይ’ወ እበርር። ነቲ ደረት ኣልቦ ሓርነተይ ከኣ ኣስተማቕር። ኵይኑ ኸኣ ምብራር ኣየፍርሓንን እዩ፣ ሓድሽ ነገር ኣይኩነን ንኣይ። ግን ዓርከይ ንስሪ፡ መንገብገብካ ምሳኻ ተፈጢሩ፡ ንኣይ ኣይተፈጥረንን፣ ግን እቲ ሰማይ



ንኽልተና ማዕረ ኹይኑ ኣሎ።

“ሓደ መዓልቲ ደበናታት እናሰናጠቕና ብሓደ ክንበርር ኢና። ኣነ ኸኣ ዝያዳ ሓያልን ሓራን ክኸውን’የ። ምኽንያቱ፡ ኣብ መሬት ለመም እናበልኩ ብዘይ መንገብገብ ምብራር ተማሂረ’የ። ንኣይ ክልቲኡ ክእለት ኣሎኒ፣ ምብራርን ለመም ምባልን። መንገብገብ እንተ ተዓደልኩ ኣይፈርሕን፣ ክበርር እኽእል’የ። ንስኻኸ ዓርከይ ንስሪ፡ መንገብገብካ እንተ ተሓደግካ እንታይ ኮን ትገብር ትኸውን?”

ኵሉ ዘሎካ ዘበለ ካበይ ዝመጽአ’ዩ? ኣብቲ ኣሎኒ ኢልካ እትምክሓሉ ኣብ ምህናጽ ተራኻ እንታይ እዩ? ዘሎካ ፍልጠት ድዩ፣ ካበይ ኣምጻእካዮ? እቲ ዘሎካ ሃብቲ ድዩ ብኸመይ ኣጥረኻዮ? እቲ ኣሎኒ እትብሎ፡ ኣብ ምምጽኡ ወይ ምህናጹ ተሳቲፍካ እንተ ኴንካ፡ እንታይ ዋጋ ከፊልካን ኣበይ ኔርካን ስለ እትፈልጥ ኣይክትዕበየሉን ኢኻ። ምናልባት ሓደ መዓልቲ እንተ ጠፍኣካ’ውን ብኸመይ ከም እተምጽኦ ትፈልጥ ኢኻ። ብኣንጻሩ እንተ ኴንካ ኸ እንታይ ኢኻ ትገብሮ!?

inspirationalstories.com

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ባዩሽ ገብረሚካኤል፡ ተጸዋዒት ሃና ኣማኑኤል ገብረሚካኤል፡ ናይ ወኽልና ምስራዝ ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ን14/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጢ።

ጽሃይቱ ወልደኣብ ገብሩ፡ ተጸዋዕቲ ወረ/ኛ ህይወት ኣይጠገቡ ኣይቻ፡ ንምትሕልላፍ ስም ዋንነት ገዛ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ 21/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጡ።

ኣሌክሳንደር መኮንን የሴፍ፡ ኣቦይ መኮንን የሴፍ ገብረህይወት ስለዘዋረሬ፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ኣቶ ኣቤል ኣፈወርቂ ሞጎዞ፡ ኣዴና ሊያ ሓጎስ ቦኽረ ስለዘዋረረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ወ/ሮ ኤልሳ ቀሺ ስብሃትልኣብ ገብረህይወት፡ ኣዴና ወ/ሮ ለተድንግል ቦሹሩ ሕድራይ ስለዘዋረረፈት፡ ኣነ ምስ 7 ህልዋት ኣሕዋተይን 1መዋትቲ ተተካእቲ 2 ደቁን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ወልዱ ገብረትንሳኤ ቦኽረጽዮን፡ ሓፍተይ ተጋ/ለተብርሃን ገብረትንሳኤ ቦኽረጽዮን ስለዘዋረረፈት፡ ኣነ ሓዋ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሓረጉ ተስፋልደት መብራህቱ፡ ብዓል ቤተይ ኣቶ ዘርኣይ ክፍሎም በራኺ ስለዘዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ት/ዕድሙ፡ ብኣዴኣ ወ/ሮ ሰናይት ብርሃ ሃይሉ፡ ሸሻይ ዓንደብርሃን ብርሃ ምግል ተሪፉ፡ ሹሻን ዓንደብርሃን ማና ተባዚሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ድያና ዘርኣም ብርሃ ምግል ተሪፉ፡ ኒያት ዘርኣይ ብርሃ ተባዚሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ መቓርካ

ወ/ሮ ሓጂር ዘርኣም ባህልቢን ኣቶ ዑቕባዝበርኤል ገብረማርያም በራኺ፡ ወድና ደጅን ዑቕባዝበርኤል ገብረማርያም ስለዝዘተሰወአ፡ ንሕና ወለዱ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 9 ምም/ር 12 ዝርከብ፡ ብስም ወረ/ኛ ኢድሪስ ኣሕመድ ሺፋ፡ ወ/ሮ ኣምና ኢድሪስ ኣሕመድ ምስ 2 ኣሕዋት 1. መሓመድ ኢድሪስ 2. ዘይኑብ ኢድሪስ፣ ብቁ.ምስክር ዋንነት 114013 መወከሲ ቁጽሪ 123743 ኣብ ቤ/ጽ/ ኮምሽን ኣባይቲ ናይ ዝተመዝገበ ምስክር ዋንነት ገዛ (ሊብሬቶ) ስለዝጠፍኣና፣ ዝረኸቦ ወይ ብዕዳ ሐዚዎ ዝበል እንተልዩ፣ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ብቑጽሪ ቴሌፎን 07492778 ክሕብረና፣ እንተዘይኮይኑ መተካእታኡ ክሳተት ምዃኑ ኢሕብር።

ወኪል ኣቶ ዓሊ ሳልሕ

---

## ምልክታ ጨረታ

ፖሊስ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ዋንኡ ዝኾነ 65 ኣየር ኮንዲሽን 75 ቬንትለተር፡ 13 ፍርጅን ኮምፕረሰርን፡ 15 ምድጃን 15 መንጎን፡ ኣብ 2025 ንሓደ ዓመት ብዘጸንሕ ናይ ጽገና ኣገልግሎት ዝህብ፡ ኣብ ከተማ ባጽዕ ሰብ ትካላት ኣውዳዲሩ ክጽግን ስለ ዝደለየ፡ ነዚ ዝስዕብ ረቛሒታት ከማልኡ ዝኽእሉ ሕጋውያን ተሓጋረትቲ ይዕድም።

ተሓጋረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም ነጥብታት

1.ተሓጋረትቲ ናይ 2024 ዓ/ም ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ምስ 2023 ዓ/ም ክሊራንስን መንነትን የቕርቡ።

2.ምስክር መረጋገጺ ብቕዓት ካብ ቅድሚ ሕጂ ዝጸገኑዎም ትካላት ከቕርብ ዝኽእል፡

3.ዝጽገን ንብረት ከም ዝተብላሸወ ሓበሬታ ምስ በጽሖ፡ ኣብ ውሽጢ 5 መዓልቲ ጸጊኑ ዘረክብ፡

4.ኑቶም ካብ ርሑቕ ከውዳደሩ ዝደልዩ፡ ኣብቲ ዞባ ወኪል ጸገና እንተለዎም ተመራጺ ስለ ዝኾነ ከቕርቡ ዝኽእሉ።

5. ናይዚ ቀረቡ ዘሎ ዓይነት ዝጽገን ንብረት መቀያየሪ ኣቑሑት ንሓደ ዓመት ብዘጸንሕ ዘይቅየር ዋጋ ዘቕርብ፡

6.ተሓጋረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ፡ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ብቑጽሪ ቴሌፎን 552545 ክወክሱ ይኽእሉ።

7.ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት፡ ን30 ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ንጽባሒቱ ልክዕ ሰዓት 10:00 ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ቤት ጽሕፈት ፖሊስ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ባጽዑ ተሓጋረትቲ ወይ ሕጋውያን ወኪልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ይኽፈት።

8.ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ።

9. ፖሊስ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ነቲ ውዕል ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ክሰርዞ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ፖሊስ ዞባ ሰ/ቀ/ ባሕሪ ባጽዕ

---

## ምልክታ ጨረታ

ፖሊስ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ዋንኡ ዝኾነ 50 ኣየር ኮንዲሽን 90 ቬንትለተር፡ 9 ፍርጅን ኣብ 2025 ንሓደ ዓመት ብዘጸንሕ ናይ ጽገና ኣገልግሎት ዝህብ፡ ኣብ ከተማ ዓሰብ ዘለዉ ይኹን ካብ ኣስመራን ካልእ ቦታታትን ዝርከቡ ሰብ ትካላት ኣውዳዲሩ ክጽግን ስለ ዝደለየ፡ ነዚ ዝስዕብ ረቛሒታት ከማልኡ ዝኽእሉ ሕጋውያን ተሓጋረትቲ ይዕድም።

ተሓጋረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም ነጥብታት

1.ተሓጋረትቲ ናይ 2024 ዓ/ም ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ምስ 2023 ዓ/ም ክሊራንስን መንነትን የቕርቡ፡

2.ምስክር መረጋገጺ ብቕዓት ካብ ቅድሚ ሕጂ ዝጸገኑዎም ትካላት ከቕርብ ዝኽእል፡

3.ዝጽገን ንብረት ከም ዝተብላሸወ ሓበሬታ ምስ በጽሖ፡ ኣብ ውሽጢ 5 መዓልቲ ጸጊኑ ዘረክብ፡

4.ኑቶም ካብ ርሑቕ ከውዳደሩ ዝደልዩ፡ ኣብቲ ዞባ ወኪል ጸገና እንተለዎም ተመራጺ ስለ ዝኾነ ከቕርቡ ዝኽእሉ።

5. ናይዚ ቀረቡ ዘሎ ዓይነት ዝጽገን ንብረት መቀያየሪ ኣቑሑት ንሓደ ዓመት ብዘጸንሕ ዘይቅየር ዋጋ ዘቕርብ፡

6.ተሓጋረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ፡ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ብቑጽሪ ቴሌፎን 661255 ክወክሱ ይኽእሉ።

7.ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት፡ ን30 ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ንጽባሒቱ ልክዕ ሰዓት 10:00 ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ቤት ጽሕፈት ፖሊስ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ዓሰብ፡ ተሓጋረትቲ ወይ ሕጋውያን ወኪልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ይኽፈት።

8.ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ።

9. ፖሊስ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ነቲ ውዕል ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ክሰርዞ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ፖሊስ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ዓሰብ

---

ኣመልካቲ ፍስሃየ ሃብተስላሴ ኣውዓሎም፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 7 ምም/09 ጎደና ሳልሕ ከኪያ ቁ.ገዛ 71 ምም/ን/ዞባ ኣቦሻውል ዝርከብ ብስመይ ቁ.ምስክር ወረቐት 114941 መወከሲ ቁጽሪ 125950 እተዋህበኒ ስለ ዘሎኒ፡ ናይ እተጠቕሰ ገዛይ ኦርጂናል (ዋና) ሊብሬቶ ስለ ዝጠፍኣኒ፡ ረኺቡዎ ወይ ብዕዳ ሐዚዎ ዝበል፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ብተሌፎን ቁ.07356525/07127158 ክሕብረኒ። ሓበሬታ ምስ ዘይረኸብ ግን ሓድሽ ሰነድ ዋንነት ሓቲተ ከውጽእ ምዃነይ እሕብር።

ፍስሃየ ሃብተስላሴ ኣውዓሎም

---

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ከረን ምም/ ከበቢ 05 ዚፕ ኮድ 6K-1382 ፕሎት 87 ብቑጽሪ ንብረት 6BRKRN 001019 ስፍሓት መሬት 336.40 ት.ሜ ቀንዲ ክፍሊ 2 ተሓጋጋዚ፡ 2 ትሕተ ባይታ ባኮ ዘለዎ ተራ ገዛ፡ ብስም እስቲፋኖስ ተምነዎ ባሪያይን ወ/ሮ ትዕግስቲ ዘርኣይ የውሃንስን ዝተመዝገበ ስለ ዝዓደግኩዎ'ሞ ናብ ስመይ ክሰጋገር ስለዝኾንኩ፡ ዝቃወም እንተሃልዩ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂልሉ እንተሃይሩ ውሳኔ ሐዚዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ከረን ይቕረብ፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ብዘለኒ ኦርጂናል ሰነዳት ጉዳየይ ከውድእ ምዃነይ እሕብር።

ኣቶ ዳዊት ስባህቱ ተስፋይ
ብወኪሉ ወ/ሮ ሳባ ስባህቱ ተስፋይ

---

## ምልክታ ጨረታ

ሚኒስትሪ ቱሪዝም ኣብ ሓፀሓይ ህንጻ (Green Building) ብሎክ "ኤ""ን""ቢ"ን ንዝርከብ ሊፍትታት ዓመታዊ ሰርቪስ (ምጽጋን) ውዕል ክኣቱ ስለ ዝደለየ፡ ብቑዓትን ሕጋውያንን ተሓጋረትቲ ይዕድም።

ተሓጋረትቲ ከማልእዎም ዘለዎም ነጥብታት፡

1.ተሓጋረትቲ፡ ዋጋ ናይ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ዓይነት ጽገና፡ ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕደሙ።

2.ተሓጋረትቲ፡ ቅዳሕ ናይ 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ፡ ቅዳሕ ታሴራ ከምኡ'ውን ቅዳሕ ዓመታዊ ግብሪ ዝኸፈሉሉ ሰነድ (Clearance) ናይ 2023 የቕርቡ።

3. ተሓጋረትቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ፡ ዘይምለስ ገንዘብ ናቕፋ 50.00 ብምኽፋል ካብ ማ/ቤ/ጽ/ሚኒ/ቱሪዝም ክወስዱ ይኽእሉ።

4. መኽበሪ ጨረታ 10,000.00 ናቕፋ ብሲፒኦ (CPO) ክትሕዙ ይግባእ።

5.ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን10 ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ንጽባሒቱ ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ተሓጋረትቲ ወይ ድማ ሕጋውያን ወኪልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ሳንዱቕ ጨረታ ይኽፈት።

6.ጨረታ፡ ብመምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ።

7.ሚኒስትሪ ቱሪዝም ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ሚኒስትሪ ቱሪዝም

---



## ሓበሬታ


ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ./ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8:00 – 12:00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2:00 – 6:00 ድ.ቀትሪ ብቁ.ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-mail; bidhonational@gmail.com

ስቕታ ንዓኺ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ. ብግልጺ ንዘራረብ!!!



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ዙር ሩዋንዳ - ሄኖክ፡ ሳልሳይ ደረጃ ሒዙ

### ዮኤል፡ ካልኣይ ኣትዩ

ተቐዳዳማይ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ሄኖክ ምሉእብርሃን ትማሊ ረቡዕ ብሽኻ ኣብ ዝተኻየደ ሳልሳይ መድረኽ ዙር ሩዋንዳ ሳልሳይ ደረጃ ሒዙ።

እዚ 121.3 ኪሎሜተር ዝሸፈነ መድረኽ፡ ልክዕ ከምቲ ዝሓለፉ ክልተ መድረኻት ብርክት ዝበሉ ተቐዳደምቲ እዮም ብሓባር ናብ ናይ መወዳእታ ኪሎሜተራት በጺሖም። ሸውዓተ ተቐዳደምቲ ኣብ ዝበርዎ ሸኻ ከኣ፡ ንካልኣይ መድረኽ ዝተዓወተሉ ኣውስትራልያዊ ኣባል እስራኤል ፕረሚር ተክ - ብራዲ ጊልሞረ ድማ፡ ንኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ባይክ ኣይድ ዮኤል ሃብተኣብን ሄኖክ ምሉእብርሃንን ረቲዑ፡ ብተኸታታሊ ተዓዊቱ። እዞም ተቐዳደምቲ ብጠቕላላ ኣብ ሰዓት 41.5 ኪሎሜተር እናተጓዕዙ፡ ብ2 ሰዓት፡ 55 ደቒቕን 14 ካልኢትን ውድድሮም ዛዚሞም።

ሸዱሽተ ካልኢታት ድሒሩ ካብ ዝመጸት ጉጅለ፡ ዓወት ክብሮምን ናሆም ዘርኣይን ካብ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ፡ ብተኸታታሊ መበል 16ን 19ን፡ ዳዊት የማን - ባይክ ኣይድ ከምኡ'ውን ዓወት ኣማን - ካብ ናይ የሰኣይ ጋንታ ድማ፡ 17ን 18ን ኣትዮም።

ብዘይካ'ዚ፡ ልዕሊ 1 ደቒቕ ፈረቓን ድሒሮም ድማ፡ ኣባላት ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ናታን መድሃኔን መትከል እዮብን መበል 22ን 28ን ኣትዮም። ምስ ናይ የሰኣይ ጋንታ ዘሎ ያፌት ሙልጌታ ኸኣ፡ መበል 33 ደረጃ ሒዙ።

ዛጊት ፈረንሳዊ ተቐዳዳማይ ቶታል ኢነርጂስ - ፋቢያን ዶበይ ብየዜ ክምርሕ እንከሎ፡ ወዲ ጋንታኡ ጆሪስ ደልቦቭ ሓንቲ ካልኢት ድሒሩ ይስዕቦ። ብሓፈሻ ኣብ ዙር ሩዋንዳ ሰለስተ ናይ መድረኽ ዓወት ዘለዎ ሄኖክ፡ 10 ካልኢት ተፈንቲቱ ደረጃኡ ካብ 10ይ ናብ ሓሙሻይ ክብ ኣቢሉ ኣሎ። ዮኤል፡ 25 ካልኢት ድሒሩ ደረጃኡ ካብ 21 ናብ 10 ክብ ኣቢሉ ይስዕቦ። ዮኤል፡ ኣብ ናይ መንእሰያት ውድድር፡ ካብ መራሒ ዘሎ 13 ካልኢት ድሒሩ ራብዓይ ደረጃ ሒዙ ኣሎ።

ንግሊያ ኣንበሳ ዓቕቡ ተቐዳዳማይ ባይክ ኣይድ ሸንዝዩት ዶርን ብ27 ነጥቢ ለበሰዎ ኣሎ። ዓወት፡ ብ18 ነጥቢ ሳልሳይ ደረጃ ሒዙ። ኣብ ናይ ትማሊ ኣብ ሓንቲ ነጥቢ ተኸስበ ዓቕብ ቀዳማይ ብፃኢታው ሸሞንተ ነጥቢ ዝወሰደ ናህም፡ በዚን ነጥቢ ተሓጊዙ ሻሙናይ ደረጃ ሒዙ ኣሎ። ዮኤል፡ ብኣርባዕተ ነጥቢ ድሕሪኡ ተሰሪዑ ኣሎ።

ኤርትራ፡ ካብ መራሒት ዘላ ጀርመናዊት ጋንታ ባይክ ኣይድ 24 ካልኢት ድሒራ ካልኣይ ደረጃ ሒዛ ኣላ።

እዚ ውድድር፡ ሎሚ ሓሙስ 95.1 ኪሎሜተር ሸፊኑ ክውዕል እዩ - ኣብ ራብዓይ መድረኹ። ጸቡቕ ዕድል!

## ዜና ብሓጺሩ

* ዓሰሚ ሊቨርፑል ኣርነ ስሎት፡ ኣብ 12 ለካቲት ናብ ኤቨርተን ተጓዒዞም 2-2 ዝተፈላለዩሉ ጸወታ ብዝወሰዶ ቀይሕ ካርድ፡ ንኽልተ ግጥማት ጋንታኡ ኣብ ሜዳ ኣትዩ ክይመርሓ ተቐጺዑ።

ስለዚ ድማ፡ እቲ ናብ ዳኛ ናይቲ ጸወታ ዝበረ ማይክል ኦሊቨር ብምቕራብ ዝተቐጽዐ ስሎት፡ ጋንታኡ ትማሊ ምሸት ኒውካስል ዓዲማ ኣብ ዘየደቶም ጸወታ ቀዳመይቲ መቕጻዕቱ ወዲኡ። ዝመጽእ 8 መጋቢት ናብ ሳውዝሃምፕተን ተጓዒዞም ኣብ ዘካይድዎ ጸወታ ድማ፡ ካልኣይቲ መቕጻዕቱ ክትከውን እያ።

ብዘይካ'ዚ፡ እዚ ሆላንዳዊ ዓሰሚ፡ ብፍጻ ኮሚሽን ኩዕሶ እግሪ እንግሊዝ'ውን፡ 70 ሽሕ ፓውንድ ተቐጺዑ እዩ።

* ኣንቶኒ፡ ዝሓለፈ ሰንበት ንጋታፈ ኣብ ዝሰዓሩሉ ጸወታ፡ ኣብ መበል 90 ደቒቕ ዝወሰዶ ቀይሕ ካርድ፡ ጋንታኡ ድሕሪ ዝበረቶ ናይ ይግባይ ሕቶ ተሰሪዙሉ።

እዚ ብልቓሕ ካብ ማን ዩናይትድ ኣብዚ እስጳኛዊት ክለብ ዝጻወት ዘሎ ብራዚላዊ ንሓደ ጸወታ ክቕጻዕ እዩ ተወሲኑሉ ነይሩ። ጋንታኡ ዘቕረበቶ ሕቶ ተቐባልነት ብምርካቡ ግና፡ ቀዓም ንሪያል ማድሪድ ኣብ ዝዕድሙሉ ጸወታ ክሰልፍ ይኽእል እዩ።

ኣብ ማን ዩናይትድ ዝሰኣኖ ብቕዓት ዳግማይ ኣብዚ ጋንታ ረኺብዎ ዘሎ ኣንቶኒ፡ ኣብ ሓሙሽተ ዝተፈላለዩ ግጥማት ክሰለፈ እንከሎ፡ ሰለስተ ሽቶታትን ክልተ ቀረብን ብምግባር፡ ዓቕሙ ኣብ ምርኣይ ይርከብ። ኣብ ተኸታተልቲ ሰለስተ ናይ ላ'ሊጋ ግጥማቱ'ውን ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ እዩ።




ኣብርሃም የሃንስ (ወዲ ዕቋር)

## ሞሪኖ ምስ ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ቱርኪ ይጋጮ

ዝሓለፈ ሰኑይ ኣብ መንጎ ክልተ ዝዓበያ ጋንታታት ቱርኪ - ፈነርባቸን ጋላታሳራይን 0-0 ዝተዛዘመ ሱፐሊግ ዘይነበሮ ግጥም 'ደርቢ ኢስታንቡል' ምስ ተዛዘመ፡ ንኩዕሶ እግሪ ቱርኪ መዓት ተደፊእዎ ይርከብ።



ብዘሀቦ ጋዜጣዊ መግለጺ መዛረቢ ካብ ምኳን ዘይዓርፍ ፖርቱጋላዊ ወዲ 62 ዓመት ኣሰልጣኒ ሆዘዩ ሞሪኖ፡ ናብ ማዕከናት ዜና ብምቕራብ፡ ኑቶም ኣብ መንበር ተቐሚጦም ዝነበሩ ተጻወትቲ ጋላታሳራይ፡ "ልክዕ ከም ኣህባይ ይዘሉ ነይርም" ብምባል ከምዝዘረበ ክሽሶም ከሎ፡ "እዚ ጸወታ ቱርካዊ ዳኛ እንተዝመርሖ ነይሩ ዝሽፋእ ዕንወት ምወረደ" ብምውሳኹ ምስ ጋላታሳራይን ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ቱርኪን ተጓራጭዩ ይርከብ። ብዘሎዎ ምሕደራ ንሱፐር ሊግ ቱርኪ ወትሩ ክቐፍ ዝሰምዕ ሞሪኖ፡ "ከምዚ ምኳኑ እንተዝፈልጦ ነይረ ካብ ፈነርባቸ ዝቐረበለይ ናይ ስራሕ ዕድመ ኣይምተቐበልክዎን" ክብል'ውን ተሰሚዑ።

ጋላታሳራይ፡ ሞሪኖ ሰኑይ ምሸት ንዘሀቦ መግለጺ 'ዓሌታዊ' ኢሉ ክትኻቐፎ ከሎ፡ "መግለጺ ሞሪኖ ብቐጥታ ናብ ህዝቢ ቱርኪ ዝቐንዐዩ" ብምባል ወግዓዊ ኣቤቱታ ናብ ማሕበር ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳን ፊፋን ከተእቱ ምዃና ሓቢራ። ፈነርባቸ ግና ብመንገዲ ምክትል ፕረዚደንት እታ ጋንታ ኣቢሉ "እዚ ናይ ሞሪኖ መግለጺ ሚእቲ ሚእታዊት ምስ ዓሌትነት ኣይተሓሓዝን'ዩ፡ ባዕሎም ጋላታሳራይ እዮም ዝጠዋወይዎ ዘለው፡" ብምባል ሄጺጋዩ።

ዝጠዛለ እዋን ንጸወታ ሱፐር ሊግ ቱርኪ ሕንፍሽፍሽ ዘእትወሉ፡ ውሳኔ ደያኑ ምኳኑ'ዩም ተንተንቲ ስፖርት ዝገልጹ። ዝሓለፈ ዓመት፡ ዳኛ ኣብ ማእከል ሜዳ ብፕረዚደንት ሓንቲ ጋንታ ክጥቃዕ'ውን ተራእዩ እዩ። ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ቱርኪ፡ እዚ ዕግርግር ንምህዳእ ወጻኢተኛታት ደያኑ ናይ ቪድዮ ዳኝነት ከም ዝህቡ እኳ እንተገበረ፡ ክመሓየሽ ግና ኣይከኣለን። እዚ ናይ ሰኑይ ደርቢ ኢስታንቡል እምበኣር፡ ብመሰረት ጠለብ ክልቲአን ጋንታታት፡ ድሕሪ 50 ዓመታት ካብ ቱርካዊ ዜጋ ወጻኢ ብዘሽኑ ዳኛ ክምራሕ ተገይሩ።

ውሳኔ ደያኑ ብጋላታሳራይ ከም ዝጸሎ ዝኣምን ሞሪኖ ድማ፡ ነቲ እዚ ጸወታ ዝዓየ ስሎቫንያዊ ዳኛ ክመስገኖ ከሎ፡ ናብቲ ናይቲ ግጥም ራብዓይ ዳኛ ዝበረ ቱርካዊ ብምኻድ ግና፡ "እዚ ጸወታ ንስኻ እንተትመርሖ ነይርካ ዕንወት ምወረደ ነይሩ" ኢልዎ። ኣብ መንጎ ፈነርባቸን ጋላታሰራይን ዝካየድ ጸወታ፡ ንመላእ ምንቅስቓስ ከተማ ኢስታንቡል እዩ ዘጨናንቓ። ርእይቶ ሞሪኖ ድማ ነዚ ውጡር ኩነታት ኑዱዲ ክዕዩሉ ይርከብ።

ቀድሚ ሕጂ፡ ሞሪኖ ብዘሃቦ መግለጺ፡ 15 ሽሕ ዩሮ መቕጻዕትን ካብ ጸወታ ምእጋድን በዩኑሉ ዝበረ ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ቱርኪ፡ እዚ ናይ ትማሊ መግለጺ'ኸ እንታይ ግብረ መልሲ ክህበሉ'ዩ ኣብ ትጽቢት ይርከብ።

## ቅንጥብጣብ

### ሮናልዶ ንቫለንሺያ ክገዝኣ ይሕልን

ክርስቲያኖ ሮናልዶ ምስ ወራሲ ዓራት ስዑድ ዓረብ ብምሽራኹ ብፋይናንሳዊ ቅልውላው ንእትሳቐ ዘላ እስጳኛዊት ጋንታ




ቫለንሺያ ክዕድጋ ድልው ከም ዘሎ ተገሊጹ።

ዝጠዛለ እቲ ገዛኢ ብልኡል መሓመድ ቢን ሳልማን ክቐረብ እንከሎ፡ ሮናልዶ ድማ፡ ንምምዕባል ቫለንሺያ ገዚኡ ብምውጻእ፡ ኣብ ምምሕዳራዊ ስራሕ ናይታ ጋንታ ክሳተፍ ምኳኑ እቲ ዝወጸ ሓበሬታ የረድእ።

ቫለንሺያ፡ ኣብ ላ'ሊጋ መበል 18 ደረጃ ተሰሪዓ፡ ናብ ታሕተዋይ ዲቪዥን ንኸይትወርድ ኣብ ቀጻሊ ቃልሲ እትርከብ ዘላ ጋንታ እያ።

### ኩዕሶ ብምቕብቓብ ዓለም ዘርብ ዘሎ ቆልዓ

ወዲ 11 ዓመት ባለር ዚኑዲን ኣብ ኣካዳሚ ኢያክስ እዩ ዝስልጠን ዘሎ። ኣብ ታሕሳስ 2024 እዩ ቀድሚ ጸወታ ናይ ኢያክስ ምጅማሩ ንኩዕሶ 2424 ግዜ ቀብቂብዋ፣ ኣብቲ ስታድዩም ካብ ዝበሩ ተዓዘብትን ኑቲ ቪድዮ ዝተኸታተሉን ድማ ኣድናቖት ረኺቡ። ዚኑዲን እቶም ተጻወትቲ ከበቦም እናጣቐዐሉ ኑታ ኩዕሶ ናብ ባይታ ከውድቓ ኣይከኣለን። ጸወታ ክጅምር ስለ ዝበሮ ግን ምቕብቓብ ኣቋሪጹ። ዝሓለፈ ሰንበት ድማ፡ ናብ ሜዳ ኢያክስ ብምምጻእ 2600 ግዜ ብምቕብቓብ፡ ናይ ገዛእ ርእሱ ክብረወሰን ኣመሓይሹ። ሽዑ'ውን እቲ ግጥም ክጅምር ስለ ዝበሮ እዩ ከምቲ ዝሓለፈ ምቕብቓቡ ከቋርጽ ተገዲዱ።

### መደብ ጸወታ

ሎሚ

ፕሪመር ሊግ

ዌስት ሃም - ሌስተር ሰዓት 11:00 ድ.ቀ

## ደገፍቲ ማን.ዩናይትድ ኣድማ ይውድቡ

ደገፍቲ ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ጋንትኦም ንትሽዓት መጋቢት ምስ ኣርሰናል ኣብ ሜዳኣ ኣብ ተካይዶ ጸወታ ኣድማ ንኽገብሩ ወጢኖም ከም ዘለዉ ተገሊጹ።

ደገፍቲ ማን.ዩናይትድ ብኽብሪ ዋጋ ትኬትን ብሽልንትናዊ ምሕደራ ጋንትኦምን ዓቕሎም ስለ ዝጸበቦም፡ ኣብ ልዕሊ ወነንቲ ጋንትኦም ዘሎዎም መረረ ንምንጽብራቕ፡ "ኦልድ ትራፎርድ ጥራይ'ዩ ምግቦር" ዝብል መደብ ሓንጺጾም ከም ዘለዉ ተሓቢሩ።




እዚ ብመንገዲ ማሕበራዊ መራኸቢታት ዝኾሳገሰ ዘሎ ተቓውሞ፡ ጋንትኦም ምስ ኣርሰናል ኣብ እተካይዶ ወሲ ግጥም ናብ ሜዳ ካብ ምእታው ብምሕንጋድ እዩ ክንጸባረቕ ተወጢኑ ዘሎ።

ደገፍቲ "እቲ መልእኽቲ ንጹር'ዩ፡ ንኦልድ ትራፎርድ ጥራሕ'ዩ ብምግቦር ኑቶም ካብ 2005 ኣትሒዞም ንማን.ዩናይትድ ወኒኖማ ዘለዉ ስድራቤት ግሌዘር ምጉዳእ'ዩ" ይብሉ። ንኽብሪ ትኬት ድኹም ወጽኢት ማን.ዩናይትድ ተወሲኹዎ፡ ንእሙናት ደገፍቲ ዩናይትድ ከይተረፈ ኣብ ሜዳ ኣትዮም ንጸወታ ጋንትኦም ካብ ምዕዛብ ዓንቂጽዎ ከም ዘርከበ ይግለጽ።

እዚ ትሽዓተ መጋቢት ክካየድ ተወጢኑ ዘሎ ኣድማ፡ ንዘምደና ደገፍቲ ማን.ዩናይትድን ስድራቤት ግሌዘርን ነጥበ መቐይሮ ክኸውን ትጽቢት ይግበር። ዓወት ናይ'ዚ ተቓውሞ ግን ኣብ ብዝሒ ተሳተፍቲ ናይ'ዚ ኣድማ ከም ዝምርኰስ ይሕበር።

እዚ ቐጢዕ ኣድማ ደገፍቲ ብዓወት እንተተዛዚሙ፡ ንሽልንትናዊ ለውጢ ማን.ዩናይትድ ደራኺ ተራ ክጻወት ትጽቢት ይግበረሉ።

# ዜና ዓለም

ሚርያም ኣብርሃም

## ዩክሬን ካብ ባህርያዊ ጸጋታታ ንኣመሪካ ከተመቓርሕ ተሰማሚዓ

መንግስቲ ዩክሬን ኣመሪካ ካብ ባህርያዊ ጸጋታት ሃገሩ 50 ሚእታዊት ብጾሒት ክህልዋ ተሰማሚዑ።



ዝርዝር ናይቲ ዝተበጽሐ ስምምዕ ዘይገለጸ መንግስቲ ዩክሬን ኣገደስቲ ዝበሎም ምትዕርራያት ገይሩ ከምዝሎ ጥራሕ ሓቢሩ።

ፕረዚደንት ዩክሬን ቮለዶሚር ዘለንስኪ፡ ኣብቲ ጉዳይ ኣመልኪቱ ምስ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ንምዝርራብ ዝመጽእ ዓርቢ ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ከምዝገይሽ እዩ ዝገለጸ ዘሎ።

ኣመሪካ፡ ካብ 2022 ኣትሒዛ ንዩክሬን ኣስታት 350 ቢልዮን ዶላር ዝዋግኡ ወተሃደራዊ ኣጽዋር ብመልክዕ ሓገዝ ከምዝለኣኸትላ ዝጠቐሰ ትራምፕ፡ እታ ሃገር እትውንኖም ብርቂ ዝኾኑ ማዕድናት ናብ ኣመሪካ ብምልኣኽ ነዚ ወጻኢታትዚ ክትሕወዮ እዩ ክጽውዕ ጸኒሑ።

እንተኾነ፡ ሰብመዚ ዩክሬን ኣመሪካ ብመልክዕ ሓገዝ ናብ ሃገሮም ዝለኣኸቶ መጠን ገንዘብ ኣስታት 90 ቢልዮን ዶላር ጥራሕ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ነቲ ብትራምፕ ዝቐረበ "ብዘዘዋዋሪ መንገዲ ክፈሉዎ" ዝብል ጠለብ ክነጽግዎ እዮም ጸኒሖም።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኣባል ኤውሮጳዊ ሕብረት ዝኾነት ስሎቫኪያ፡ ብመልክዕ ሓገዝ ንዩክሬን ዝሃበታ ወተሃደራዊ ሓገዛት ክትመልሶ ማሰል ከምዝለዋ፡ ኣባል ሳዕለዋይ ባይቶ'ታ ሃገር ኣንድረጅ ዳንኮ ሓቢሩ።

ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ፈረንሳን ጀርመንን ተመሳሳሊ ስጉምቲ እንተ ወሲደን፡ ስሎቫክያ'ውን ናብ ዩክሬን ዝለኣኸቶ ገንዘብ ንምምላስ ጻዕርታት ከምእትካይድ ዝገለጸ ዳንኮ፡ ሃገሩ ነቲ ጉዳይ ኣቃሊላ ከምዘይትርእዮ ኣገንዚቡ።

ኩናት ዩክሬን ኣብ 2022 ካብ ዝጀመር ንደሓር ጥራይ፡ ስሎቫኪያ ነታ ሃገር ኣስታት 3.8 ቢልዮን ዶላር ዝገመት ወተሃደራዊ ሓገዛት ከምዝለኣኸትላ ዝጠቐሰ እቲ ሳዕለዋይ ብዓል-ስልጣን፡ ሃገሩ ገንዘብ ክትመልስ ማሰል ከምዝለዋ ወሲኹ ኣተሓሳሲቡ።

ኩናት ዩክሬን ኣብ 2022 ካብ ዝጀመር ንደሓር ጥራይ፡ ሃገራት ምዕራብ ልዕሊ 380 ቢልዮን ዶላር ዝዋግኡ ወተሃደራዊ ኣጽዋር ናብታ ሃገር ከምዝለኣኻ እዮም ጸብጻባት ዝጠቕሱ።

እዘን ሃገራት ናብ ዩክሬን ክልእኻኦ ዝጸንሓ ወተሃደራዊ ሓገዛት፡ ነቲ ኩናት ዘጋድድን፡ ንሩስያ ምስ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ናብ ቀጥታዊ ረጽሚ ክትኣቱ ዘገድድን ምኻኑ'የም መራሕቲ ሞስኮ ክተጠንቅቑ ጸኒሖም።

## ትራምፕ፡ ምስ ፕረዚደንት ፈረንሳ ዘርርብ የካይድ



ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ምስ ፈረንሳዊ መዛኽኡ ፕረዚደንት ኤማንዌል ማክሮን ኣብ ቤት-ጽሕፈት ዋይት ሃውስ ዘርርብ ከምዘካየደ ይገለጽ ኣሎ።

ክልቲኦም መራሕቲ ኣብ ርክቦም፡ ኩናት ዩክሬን ንምህዳእ ክካየዱ ኣብ ዘለዎም ጻዕርታት ከምእተረዳድኡ እዩ ዝሕበር ዘሎ።

ኣመሪካ ንዩክሬን ክትህባ ዝጸንሐት ወተሃደራዊ ሓገዛት ደው ምባላ ዘይፍትሓዊ ምኻኑ ዝጠቐሰ ፕረዚደንት ኤማንዌል ማክሮን፡ ትራምፕ ነቲ ውሳነ ዳግመ-ግምት ክገብረሉ ኣብቲ ርክብ ጸዊዑ።

ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ ሃገሩ ንዩክሬን ክትምጥወላ ዝጸንሐት ወተሃደራዊ ሓገዛት ንዘይተወሰነ እዋን ደው ከምእተብሎ፡ ኣብ ዝሓለፈ መዓልታት ኣፍሊጡ ምንባሩ ይዝከር።

ከፊልቲ ግዝኣት ኣመሪካ፡ ኣቐዲሙ ጥሺኑ ዝተረፈ ገንዘቦም ክይተመልሰ እቲ ሓገዝ ክቋረጽ ከምዝተገብረ ዝሓበረ ትራምፕ፡ ኤውሮጳዊ ሕብረትን ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክን ንዩክሬን ንምሕጋዝ ዝወሰዳ ሓላፍነት ክወስዱ ኣተሓሳሲቡ።

ኩናት ዩክሬን ደው ንምባል ኣብ ስምምዕ ምስ ተበጽሐ፡ ትራምፕ ናብ ሩሲያ ምብጻሕ ከምዘካይድን፡ ኣብቲ ጉዳይ ኣመልኪቱ ድማ ምስ ሩሲያዊ መዛኽኡ ፕረዚደንት ቪላድሚር ፑቲን ከምዝዘራረበን እዩ ኣብቲ ምስ ፕረዚደንት ማክሮን ዘካየዶ ርክብ ገሊጹ።

ቅድሚ ክልተ ሰሙን፡ ትራምፕ ኣብ ጉዳይ ኩናት ዩክሬን ኣመልኪቱ ምስ ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን ንልዕሊ ሰዓትን ፈረቓን ዝቐጸለ ናይ ተሌፎን ዘርርብ ኣካይዱ ከምዝነበረ ይዝከር።

## ደቡብ-ኮርያ፡ መጠን ወሊድ ምምሕያሽ ኣርእዩ

መጠን ወሊድ ደቡብኮርያ፡ ድሕሪ ትሽዓተ ዓመታት ኣብ 2024 ንመጀመርታ እዋን ሓደሽ ክብረ-ወሰን ከምዝሓዘ ተሓቢሩ።

ቁጽሪ ወሊድ እታ ሃገር፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ዓመት ኣስታት 238,300 ምንባሩ ዝጠቐሱ ስታትስቲካውያን ጸብጻባት፡ እቲ ኣሃዝ ምስቲ ናይ ቅድሚኡ ዝነበረ ዓመት ክነጻጸር እንከሎ ብ3.6 ሚእታዊት ከምዝወሰኸ ኣረዲኦም።

ደቡብኮርያ፡ ብደረጃ ዓለም ንበዙሕ ዓመታት ዝተሓተ መጠን-ፍርያምነት ክተመዝግብ ዝጸንሐት ኮይና፡ ብፍላይ ኣብ 2023 መጠን ወሊድ ዜጋታታ ብ7.7 ሚእታዊት ከምዝንቆልቆለ እዩ ዝሕበር።

ኣብዘን ዝሓለፋ 9 ዓመታት፡ ኣብ ደቡብ-ኮርያ መጠን ወሊድ ብትሕቲ 0.75 ሚእታዊት ጥራሕ ክዓቢ ከምዝጸንሐ ዝጠቐሱ እቶም ጸብጻባት፡ ኣብ 2030 ነቲ መጠን ናብ ልዕሊ 1 ሚእታዊት ንምዕባይ ጻዕርታት ከምዝካየድ ወሲኾም ጠቒሶም።

ብዝሒ ህዝቢ ደቡብኮርያ ኣብዚ እዋን ኣስታት 51 ሚልዮን እዩ ዘሎ።


እዚ ሕጂ ናይ ዕብየት ኣንፈት ኣርእዩ ዘሎ መጠን ወሊድ፡ ብኸምዚ ዘለዎ እንተዘይቀጺሉ ግን፡ ብዝሒ ህዝቢ ደቡብ-ኮርያ ኣብ 2072 ናብ ትሕቲ 36.22 ሚልዮን ክንቆልቆል ከምዝኽእል እዩ ዝንገር።

ደቡብኮርያ፡ ብጠቕላላ ህዝቢ ኣብ ዓለም ኣብ መበል 29 እያ ተሰሪዓ ትርከብ።



## ብሪጣንያ፡ ንሩዋንዳ ክትህቦ ዝጸንሐት ሓገዛት ደው ኣቢላቶ

ብሪጣንያ፡ ንሩዋንዳ እትህቦ ሰብኣዊ ሓገዛት ደው ከምእተብሎ፡ መንግስቲ እታ ሃገር ኣፍሊጡ።



ብሪጣንያ፡ ሩዋንዳ ነቲ ብማዕድናት ዝሃብተማ ክልተ ዓብይቲ ከተማታት ደሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ ተቖጻጺሩ ዘሎ ብዕሊት 'ቱትሲ' ዝምራሕ ዕጡቕ ጉጅለ 'ኤም-23' ትድግፍ ከምዘላ ብተደጋጋሚ ድሕሪ ዝቐረበላ ክሲ፡ ነቲ ስጉምቲ ከምዝወሰደቶ እያ ትሕብር ዘላ።

ሩዋንዳ ተሓታቲት ናይቲ ኣብ ደ.ሪ.ኮንጎ ተኸሲቱ ዘሎ ጸጥታዊ ዘይምርግጋእ ምኻና ዝጠቐሰት ብሪጣንያ፡ ኣብ ልዕሊ'ታ ሃገር እገዳ ንምጽናዕ'ውን ትዳሎ ከምዘላ ወሲኻ ኣፍሊጣ።

ነቲ ክሲ ክነጽግ ዝጸንሐ መንግስቲ ሩዋንዳ ብወገኑ፡ ብሪጣንያ ዝወሰደቶ ስጉምቲ "ምሕረት ዘይግበረሉ ሓደገኛ ውሳነ" ክብል ብትሪ ኮኒንዎ።

ኣብ ደ.ሪ.ኮንጎ ተኸሲቱ ዘሎ ግጭት ከይዓረፈ፡ ብሪጣንያ ኣብ ልዕሊ ሩዋንዳ ቀጻዕቲ ዝበሉዎም ስጉምትታት ካብ ምውሳድ ከምዘይትቑጠብ እዩ መንግስቲ ብሪጣንያ ወሲኹ ዘጠንቀቐ ዘሎ።

ብመሰረት ጸብጻባት ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ንኤም-23 ዝድግፉ ኣስታት 4,000 ወተሃደራት ሩዋንዳ ኣብ ደ.ሪ.ኮንጎ ኣለው።

## ማሌዥያ፡ ዝተሰወረት ነፋሪት ንምድላይ ሓድሽ መስርሕ ትጀምር

ኣብ መጋቢት 2014 ንዝተሰወረት - ዋንኛት መንገዲ ኣየር ማሌዥያ ዝኾነት ነፋሪት ናይ ምድላይ መስርሕ ዳግማይ ከምእተጀመረ፡ ሚኒስተር መጓዓዝያ ማሌዥያ ኣፍሊጦም።

እዛ ቅድሚ 11 ዓመታት ካብ ኳላላምፑር - ርእሰ-ከተማ ማሌዥያ 227 ተሳፈርቲ ጸዒና ዝተበገሰት 'ኤምኤች-370' ዝብሃላ ነፋሪት፡ ጠንቁ ብዘይተፈለጠ ምኽንያት እያ ሃንደበት ካብ ራዳር ተሰዊራ።

እዛ ንልዕሊ ሓደ ዕቑድ ደሃያ ዘይተረኽበ ዘሎ ነፋሪት፡ ኣብ ታሪኽ ሲቪል ኣቪየሽን ዓለም 'ምስጢራዊት' እናተባህለት እያ ክትጥቀስ ጸኒሓ።

እታ ነፋሪት ድሕሪ ምስዋራ፡ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ህንዳዊ ውቅያኖስ ብኣውስትራልያ ዝተመርሐ ሰለስተ ዓመታት ዝወሰደ ጽዑቕ ተፍትሽ እኳ ተኻይዱ እንተነበረ፡ እቲ ጻዕሪ ግን ፍረ ከምዘይተረኸቦ እዩ ዝሕበር።





በዚ ኸኣ፡ ኣብ ጥሪ 2017፡ መስርሕ ምድላይ እታ ነፋሪት ንግዜኡ ደው ከምዝበለ ጸብጻባት ይጠቕሱ።

ሕጂ ድማ፡ መንገዲ ኣየር ማሌዥያ ምስቲ 'ኦሻን ኢንፊኒቲ' ዝፍለጥ ኣብ ብሪጣንያ ዝመደበሩ ኩባንያ ብምስምማዕ ዳግማይ ዳህሳስ ጀሚሩ ከምዝሎ እዩ ዝገለጸ።

ኦሻን ኢንፊኒቲ፡ ኣብ 2018 እውን ነታ ነፋሪት ንምርካብ ዘይዕወት ናይ ምድላይ ፈተነ ኣካይዱ ምንባሩ ይሕበር።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ዓሰብ | 27/02/2025 | ጎደና ኣፍዓበት ቁ.105፡ ከባቢ 2ይ መደበር ፖሊስ (ካርሸሊ) | 123105 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services